# Integration för alla

## ውህደት ንኹሉ

እዚ ንኹሎም እቶም ምስ ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም

ሳገምቲ ንዝራኸቡ ዘገልግል መጽሓፍ እዩ

ISBN 978-91-639-7284-3
Layout & Grafik: Sooz Romero
Illustrationer: Maria Fröhlich
Lättläst skrivet av: Moa Candil
Tryck: Exellent Print & Design, 2020-05-07

# ትሕዝቶ


መቕድም......3

1. ናጻ ምንባርን ስልጣን......5

ምንቅስቓስ ብናጽነት ምንባር......6

ስነ-ሓሳብ ብናጽነት ምንባር......6

ስንኩላን ሳገምቲ ብደሓን ምጽኡ......6

ተመኵሮሮ ጁልዩስ ንቶቡዋ ኣብ ሽወደን......7

ስልጣን......9

ሰንጣቒታዊ መጽናዕቲ......10

ሓድሕዳዊ ምውህሃድ – ውህደት ንኹ......11

2. ምስጋምን መሰላትን ኣብ ሽወደን......13

ኣገደስቲ ቃላትን ኣበሃህላታትን......14

ሳጋሚ......14

ምጥያስ......14

ስንክልና......15

ፍልልያት ስንክልና......15

ዘይንቡር ምጕዳል ዓቕሚ/ስንክልና......15

ተረካቢ ምኽን......16

ሰብኣዊ መሰላት......16

ኣገደስቲ ሕግታት ኣብ ሽወደን......16

ጥጡሕ መነባብሮ......17

ኣብያተ-ፍርዲ......17

ሕቡራት መንግስታት ዓለም – FN......18

ውዕል ሃገራት አውሮጳ......18

ዝተፈላለዩ ናይ መንበሪ ፍቓዳ......19

ሳገም......19

ዑቕባ ሓታቲ......19

ስደተኛ......19

ኣማራጺ ዑቕባ ዝሓትት......20

ተኣፈፍቲ ኲነታት......20

ሓድሽ ምጻእ......21
ሰነድ ዘይብሎም......21
ስራሕ ወይ ትምህርቲ......21
ስድራ-ቤት ኣብ ሽወደን......21
ናብ ዝመጻእካሉ ምምላስ......22
ኣቀባብላን ምጥያስን......22
ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሳገምቲ......23
ባዕልኻ ምውሳን......23
ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎ......23
ሕጊ ኣገልግሎትን ደገፍን......24
ኣገልግሎት ናጻ መጓዓዝያ......24
መሰል ምምሃር......25
ብዛዕባ መሰል መንበሪ ገዛ......26
ብዛዕባ መሰል ምዝንጋዕን ባህላዊ ንጥፈታትን......26
ብዛዕባ መሰል ሓለዋ ጥዕና ......26
ሕጊ ክንክን ጥዕናናን ሕክምናን......27
ካልኦት ሕግታት ክንክን ጥዕና......27
ሕጊ ኣቀባብላ ሓተትቲ ዑቕባ LMA...... ......28
መን እንታይ ይገብር?......28
በዓል መዚ ኢሚግረሽን...... ......28
በዓል መዚ ስራሕ.. AF......29
በዓል መዚ ሃገራዊ መድሕን FK......29
ምምሕዳርራት ንኡስ ዞባታትን ዞባታትን......29
ናይ ሕጊ ሰብ ሞያ......31
**3. ጸገማትን ምምሕያሻትን......33**
ብዙሓት ሕማቕ ይስመዖም......34
ዛንታታት......34
ዕንቅፋት ሓድሕዳዊ ምውህሃድ......37
ኣገዳሲ ክሕሰበሉ ዘለዎ......39
ነገራት ጽቡቕ ኣብ ዝሰርሓሉ እዋን......40
እማመ ንምትሕብባር......41
ናትና እማመ......41

ሓደ ኣገዳሲ መጽሓፍ.........................................................................................................43

**4. መጠቓለሊ/መደምደም**.................................................................................................**44**

ዝርዝር መወከሲ.............................................................................................................46

መወዳእታ ነጥብታት.......................................................................................................47

Boken är gjord inom projektet Disabled Refugees Welcome, DRW. Stiftelsen Independent Living Institute driver projektet DRW med medel av Allmänna Arvsfonden.

Skriften har tagits fram av **Sooz Romero**, **Ola Linder**, **Riitta-Leena Karlsson** och **Jamie Bolling**.

**Linda Robertsson** har lämnat värdefulla synpunkter och korrekturläst. **Julius Ntobuah Mvenyi** och **Rahel Abebaw Atnafu** har bidragit med värdefullt innehåll i handboken.

Du läser nu en kortare version av boken skriven på lätt svenska.

Originaltitel: ”Vägar mot ömsesidig integration”
Hela boken finns på internet: https://wp.me/a9IOMJ-C3

Integration för alla på lättläst svenska kan laddas ned på:
Integration för alla på lättläst svenska får inte återförsäljas utan upphovsmännens godkännande. Integration för alla på lättläst svenska får ej förändras så att det inte framgår vem som är upphovsman. För frågor om Integration för alla på lättläst svenska ring eller skriv till:
Independent Living Institute: +46736794273 Storforsplan 36, 123 47 Farsta
epost: info@disabledrefugeeswelcome.se
Independent Living Institutes hemsida: independentliving.org Disabled Refugees Welcomes hemsida: disabledrefugeeswelcome.se

DISABLED REFUGEES WELCOME



ነዚ መጽሓፍ እዝን ነዚ ፕሮጀክት እዝን ኣስተዋጽኦ ንዝገበሩ
ኵሎም ሕያዎት ሰባት ልዑል ምስጋና ይብጻሓዮም!

*ስቶክሆልም ሚያዝያ 2020*

# መቕድም

ሰብኣዊ መሰላት ባዕሎም ብቐጥታ ዝኽሰቱ ኣምራት ኣይኮኑን።ንሕና ኣብዚ ስንኩላን ሳገምቲ ብደሓን ምጽኡ DRW ዝብል ፕሮጀክት እንሰርሕ ዘሎና፡እቲ ዝግብኦም መሰላት ምስ ዘይረኽቡ ብዙሓት ሰባት ንራኸብ ኢና።

መንግስታውያንን ዞባውያንን ኣካላት እቲ ክገብሩዎ ዘለዎም ስራሓት ኣየማልኡን።እት ዘድልዮም ሓገዛት ዝተገብረሎም ሰባት ከም ዘለዉ እውን ዘሓጉስ ዛንታታት ንሰምዕ ኢና።

ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሳገምቲ፡ብዙሕ ጊዜ ግዳያት ናይ ዘስካሕክሑ ኩነታትን ኣድልዎን ይኾኑ እዮም።

ኣብ ሽወደን ውሑስ ቦታ ክረኽቡ ክኽእሉ እዩ ዘለዎም። ብኣኽብሮት፣ ብሰብኣዊ መሰላትን፣ ብምርዳእን እዮም ክረኣዩ ዘለዎም።

ሽዓኡ እዮም ድማ ኣካላት ናይ ሽወደን፡ከም ኩሎም ማዕረ መሰላትን ግቡኣትን ክህልዎም ዝኽእል።

እዚ መጽሓፍ እዚ እምበኣር ነቶም ኩሎም ዘይንቡር ስንክልና ምስ ዘለዎም ሳገምቲ ዝራኸቡ መንግስታውያን ኣካላትን ውድባትን ንምሕጋዝ እዩ ተዳልዩ።

እዚ መጽሓፍ እዚ ሰለስተ ክፋላት ኣለዉዎ። ኣብቲ መጀመርያ ክፋል ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ኣምራትን፣ ቅጥዕታትን ስልጣንን ክንበብ ይከኣል።

እቲ ካልኣይ ክፋል ድማ፡ሕብረተ-ሰብ፡ ነቶም ናብ ሃገረ ሽወደን ዝመጹ ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሰባት ብከመይ ክዋሳእ ኣሎዎ ዝብል ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ።

ኣብቲ ሳልሳይ ክፋልን መወዳእታን ድማ ኣንባቢ፡ኣብ ባይታ ብዛዕባ ዘሎ ክውንነት ከመይ ከምዝመስልን፣ ሓበሬታን፣ ትረኻን ይረክብ።

መንግስታውያን ኣካላት ኣብ ስራሓም ከመይ ይዕወቱ? እንታይከ ክመሓየሽ ይኽእል?


Södertörns högskola
Alfred Nobels alle 7 - Moas Båge

# 1 ብናጽነት ምንባርን ስልጣንን

ብናጽነት ምንባር ሓደ ምንቅስቓስን፡ ስነ -ሓሳብን ከምኡ ድማ መሰልን እዩ።ብዛዕባዚ ኣብዚ ብተወሳኺ ከተንብብ ትኽእል። ብዛዕባ ናይ DRW ፕሮጀክት እውን ክንገልጽ ኢና። ነቶም ኣገደስቲ ዝበሃሉ ቃላትን ኣበሃህላታትን እውን ክነብርህ ኢና።

## ምንቅስቓስ ብናጽነት ምንባር

### እዚ ምንቅስቓስ ናይ ብናጽነት ምንባር

(Rörelsen Independent Living) ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ፡ ኣብ 1950 ዓ.ም. እዩ ጀሚሩ። ብዙሓት ብፖልዮ ዝተጠቕዑ ነይሮም። ብዙሓት ካብኣቶም ድማ ኣብ ተቐዋማት ክነብሩ ተገደዱ። እዚ ምንቅስቓስ እዚ ድማ ኣንጻር እዚ ተቓወመ።

እዚ ምንቅስቓስ እዚ ኣብ ዓለም ኣስፋሕፍሐ። ዘይንቡር ስንክልና ንዝነበሮም ሰባት ድማ ኣገዳሲ ኰነ። እቲ ሕቶ እምበኣር ኣብ ናይ ገዛእ ርእስኻ ህይወት፡ ባዕልኻ ናይ ምውሳን መሰል እዩ። ኣብ ርእሱ ድማ ከም ኵሎም ዜጋታት፡ መሰል ተሳትፎ ኣብ ሕብረተ-ሰብኣዊ ጉዳያት ምውናን እዩ። ሎሚ እምበኣር ምንቅስቓስ ብናጽነት ምንባር (Independent Living) ካብ ምንቅስቓስ ንላዕሊ እዩ። መሰል እውን እዩ።

[1]ኣብ ውዕል መሰል ስንኩላን ዓንቀጽ 19 ሰፊሑ ይርከብ።

## ስነ-ሓሳብ ብናጽነት ምንባር

ባዕልኻ ምውሳንን ናትካ ምርጫታት ከተትግብርን እቲ ኣገዳሲ ክፋል ናይ ብናጽነት ምንባር (Independent Living) እዩ። እቲ ንዓኻ ዘድልየካ ሓገዝ ክትረክብ ከምዘሎካ እውን ሓደ ካብቶም ረቛሒታት እዩ።

ካልእ ረቛሒ እውን ሕብረተ-ሰብ ክህነጽ እንከሎ ንኹሉ ዜጋ ብዝምችእ ኣገባብ ክኸውን ኣሎዎ። ብማዕርነትን ብዘይ ኣድልዎን ክኸውን ኣሎዎ። እቲ ዕላማ እምበኣር፡ ዘይንቡር ስንክልና ንዘለዎም ሰባት፡ ከም ኵሎም ዜጋታት፡ማዕረ ዝኾኑ ተኽእሎታትን፣ መሰላትን ከምኡ እውን ባዕልኻ እትቆጻጸሮ ህይወት ምውናንን እዮም።

## ስንኩላን ሳገምቲ ብደሓን ምጽኡ

DRW ማሕጽሮ ናይDisabled Refugees Welcome (ስንኩላን ሳገምቲ ብደሓን ምጽኡ) እዩ። እቲ ኵሉ ድማ ጁልዩስ ንቶቢ ምስ ኣዶልፍ ራትዝካ ምስ ተራኸበ እዩ ዝጅምር።ጁልዩስ ከም ሓታቲ ዑቕባ ኰይኑ እዩ ናብ ሃገረ-ሽወደን ዝመጸ። ዘይንቡር ኣካላዊ ስንክልና ድማ ኣሎዎ። ኣዶልፍ ውድብ ወይ ተቛም ብናጽነት ምንባር (organisationen Independent Living Institute) ዝመስረተ እዩ። ጁልዩስ ናብ ሃገረ-ሽወደን ክመጽእ እንከሎ ብዛዕባ ዝነበረ ኹነታት ገሊጹሉ። ብሓንሳብ ኰይኖም ድማ ነዚ ፕሮጀክት DRW.መስረቱ።

እዚ ድማ ናብ ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሳገምቲ ዘተኰረ እዩ።

እዚ ጉጅለ እዚ ኣብቲ ንሳገምቲ ዝምልከት ፖለቲካ ዝርአ ኣይነበረን። DRW ነዚ ክቕይሮ ይደሊ። DRW ዘይንቡር ስንክልና ንዘለዎም ሳገምቲ ብኸመይ ክእንገዱ ኣለዎም ኣብ ዝብል ሕቶ ሓደስቲ ኣገባባት ክረክብ ይደሊ። እቲ ኣተሓሳስባ እምበኣር፡ ብዝቐለለን ብዝቐልጠፈን መንገዲ፡እቲ ዝግባእ ደገፍ ተገይሩሎም ኣካላት ሕብረተ-ሰብ ሽወደን ይኾኑ እዩ።

**DRW እምበኣር ነዚ ኣብ ምሕያሉ እዩ ዝሰርሕ (²empowerment)**

እዚ ድማ ሰባት ኣብ ናይ ገዛእ ርእሶም ህይወት ምሉእ ምቍጽጻር ምእንቲ ክህልዎም ምሕጋዝ እዩ ሕመረቱ። ንኣብነት ክጥቀስ እንተድኣ ኰይኑ፡ ምስ ካልኦት ኣብ ተመሳሳሊ ኵነታት ዝርከቡ ሰባት ብምርኻብ ሓድ-ሕዳዊ ተመክሮታት ንምልውዋጥን፡ፍታሕ ንምርካብን ክኸውን ይኽእል። ብሓንሳብ ብምዃን ድማ ለውጢ ንምምጻእ ምቅላስ።

ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሳገምቲ ግዳያት ኣድልዎ ክኾኑ ልሙድ እዩ። DRW ነዚ ደው ንምባል እዩ ዝሰርሕ። DRW እምበኣር ኣብዚ ጉጅለ እዚ ምስ ዝርከቡ ሰባት እዩ ዝሰርሕ። ከምኡ እውን ምስ መንግስታውያን በዓል መዚታትን፣ ዘባውያን ምምሕዳራትን ውድባትን ይሰርሕ።

**እዚ ስራሕ እዚ ኣብ ሰብኣዊ መሰላት እዩ ዝምርኰስ።**

ዋላ ሓደ ክጥሕሶም የብሉን። ዋላ ከምኡ ኰይኑ ግን የጋጥም እዩ።

እዚ ስራሕ ኣብ ጥዕና ዘተኰረ እዩ።ጥዕና ድማሓይሊ/ስልጣን እዩ። ክንደይ ገንዘብ ኣሎዎ ኣበይከ ተወሊዱ 3ንጥዕናኡ ይጸልዎ እዩ። ናይ ሓደ ሰብ ጥዕና ድማ  ኣብ ትምህርቱን ስራሑን  ይጸልዎ እዩ።

DRW ንኹሉ እዩ ዘኣንግድ!
ስድራ-ቤት፣መሓዙት ከምኡ እውን ኣብ ምውህሃድን ስንክልናዊ ሕቶታት ዝነጥፉ ሰባትን።

## ተመክሮ ጁልዩስ ንቶቧ ኣብ ሃገረ-ሽወደን

ናብ ሃገረ-ሽወደን ክኸይድ ሓለምኩ።ሃገረ-ሽወደን ከም ሓንቲ ንሰብኣዊ መሰላት እተኽብር ሃገር ጌረ እየ ዝርእያ ዝነበርኩ። ኣብዚ ምስ መጻእኩ ግን ጉድለት ኣፍልጦን፣ድሩትነትን፣ ከበድቲ ጠለባትን ኰይኑ እዩ ዝጸንሓኒ። ካብ ብቕልዕነተይ ኣትሒዙ መጒዳእቲ ፖልዮ ስለ ዘሎኒ ከም ናይ ህይወት መሓዛይን መሰነይታይን ኰይኑ እዩ ጸኒሑ።

ሓንቲ እግረይ ዘይንቡር ኣራግጸ እዩ ዘለዋ። ኣብ ብዓል መዚ ኢሚግረሽን/ሳገምቲ ምስ ተመዝገብኩ ናብ ገዛይ ኣምራሕኩ። ኣዝየ ድማ ሕጉስ ነበርኩ። ዋላኳ እቲ ክሊማ ትሕቲ ባዶ ሰልስዩስ እንተነበረ ኣብ ልበይስ ሙቐት ድኣ ተሰመዓኒ።

እቲ ናብ ገዛይ ዝወስድ መንገዲ ነዊሕን ሽታሕታሕ ዘብልን ዓቐበት ነበረ። ዋላ ከምኡ ኰይኑ እውን ኣብኡ ምስ በጻሕኩስ ጌና ሕጉስ ነበርኩ፡ ኣመስገንኩ ድማ። እቲ ማዕጾ ምስ ከፈትኩዎ ትርር ዝበለ ኣስካላ/መዳይቦ ገጠመኒ።
– ከመይ ጌረ ክድይቦ እየ? ኣሕሲቡኒ።
ኣለሸተር እንተልዩ ፈተሽኩ ግን ኣይነበረን።ሓደ ኣብኡ ዝነብር ዝነበረ ሰብኣይ ንኽድይብ ሓገዘኒ። ከምኡ ይኹን እምበር ዕድለኛ እየ በልኩ፡ ማለትሲ ዝሕግዘኒ ሰብ ብምርካበይ። እቲ ምሳይ ተላፊኑ ዝነብር ዝነበረ ሰብ፡በቲ ኣስካላ/መዳይቦ ክድይብን ክወርድን እንከለኹ ይሕግዘኒ ነይሩ።

ሓደ ሰንበት ንጉሆ ናብ ቤተ-ክርስትያን እናኸድኹ ሸተት በልኩ።መደገፊ የማነይቲ እግረይ ድማ ተሰብረ። ሽዓኡ ፈጺመ ክኸይድ ኣይከኣልኩን። ድሕሪ ገለ ጊዜ ካብኡ ከግዕዝ ምኽንየ ፈለጥኩ። እቲ ሓድሽ ቦታ ኣብ ጥቓ ከተማ እዩ ዝነበረ።

ብዙሕ ድማ ኣሓጒሰኒ።ኣብኡ ምስ በጻሕኩ ግን በሪኽ ዓራት ጸንሓኒ። ኣብ ላዕሊ ክኣ ብሓንቲ መሳልል ደይበ እየ ክድቅስ።
– ሕጂ እውን ጸገም ኢለ ሓሰብኩ።

ክብርትዕን ቀጻሊ ክቃለስን ፈተንኩ።ኣካላተይ ግን ክጻወሮ ኣይከኣለን።
ምስቶም ኣብኡ ዝሰርሑ ተዘራረብኩ፡ ዝተገብረለይ ሓገዝ ግን ኣይነበረን።እዚኦም ገለ ኣብነታት እዚኣቶም፡ ነቶም ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሰባት ኣብ ሃገረ-ሽወደን ከመይ ዝበሉ ጸገማት ከም ዘጓንፍዎም ዘማላኽቱ እዮም።

ግንከ እዛ ጉድእቲ እግረይ ጸገም ጥራይ ኣይነበረትን። ተኽእሎታት ከም ዘለዉ እውን ንኽርኢ ሓጊዙኒ እዩ። ናተይ ተምክሮታት እምበኣር ሓድሽ ፕሮጀክት ንክመፅእ መንቀሊ ኰይኑ እዩ።

ምስ ኣዶልፍ ራትዝካ ብሓባር ብምኳን ድማ ንDRW መስሪትና። ኣብዚ ፕሮጀክትዚ፡ ኣነን ከማይ ዝኣመሰሉ ሰባትን ብምትእኽኻብ ፡ዘይንቡር ስንክልና ንዘለዎም ሳገምቲ፡ ዝሓሸ ኣቀባብላ ክረኽቡ ንክኽእሉ ንሰርሕ ኣሎና።

## ሓይሊ/ስልጣን

ኵሉ ሓይሊ/ስልጣን ኣሎዎ።ኹሉ ግን ማዕረ ዝኾነ ሓይሊ/ስልጣን የብሉን። ሓይሊ/ስልጣን ሓደ ዝወሃበካ ወይ ባዕልኻ እተምጽኦ እዩ።
ሓይሊ/ስልጣን ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታትን ጊዜያትን ዝተፈላለየ ትርጉም ኣሎዎ።

ንእሽቶ ሓይሊ/ስልጣን ዘውንን ሰብ ጵጋዕተኛ ናይቶም ዝያዳ ሓይሊ/ስልጣን ዘለዎም ናይ ምኳን ተኽእሎ ኣሎ።ሓደ ቆልዓ ጵጋዕተኛ ናይ ዓበይቲ እዩ።
ኣብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ገሊኦም ካብ ካልኦት ዝያዳ ሓይሊ/ስልጣን ንኽህልዎም ዝገብሩ ቅርጵታት ኣሎዉ። እቶም ዝያዳ ሓይሊ/ስልጣን ዘለዎም፡ካብቶም ዘይብሎም ዝሓሸ ዕድል ናይ ትምህርትን፣ስራሕን፣ክንክን ጥዕናን ሕክምናን ኣሎዎም።

## ጵፍሕታት ሓይሊ/ስልጣን

ገሊኦም ጉጅለታት ካብ ካልኦት ዝነኣሰ ሓይሊ/ስልጣን ኣሎዎም።ጵፍሕታት ሓይሊ/ስልጣን ድማ ይበሃሉ። ንኣብነት ጾታ፣ደርቢ፣ስንክልናን፣ጾታዊ ዝንባሌን ብሀርን ክኾኑ ይኽእሉ።
እዞም ዝተፈላለዩ ጵፍሕታት ሓይልን/ስልጣንን እዚኣቶም ኣብ ሓድ-ሕዶም፡ዘራኽቡ ረቛሒታት ኣሎዎም።ነቲ ኣብቶም ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ዝርከቡ ትሑት ሓይሊ/ስልጣን ዘለዎም፡ህይወት ብዝያዳ ይኽብዶም እዩ።

## ቀጸላታት ሓይሊ/ስልጣን

ኣብ ሕብረተ-ሰብ ንማዕርነት ዝጻረሩ ቀጸላታት ኣሎዉ።እዚኣቶም ድማ ቀጸላታት ሓይሊ/ስልጣን ይበሃሉ። ዓሌትነት፣ጾታዊነትን፣ጵልኣተ ስንክልናን ዝኣመሰሉ ቀጸላታት ኣሎዉ።እዚ ድማ ንገለ ሰባት ትምህርቲ ንምርካብ ኰነ ስራሕን መንበሪ ገዛ ንምርካብን ከም ዝጵገሙ ይገብሮም።

ኣብ ጥዕና ሰባት እውን ጵልዋ ኣሎዎም።መብዛሕትኡ ጊዜ ናይ ሓጺር ጊዜ ትምህርቲ ዘለዎም ሰባት፡ዝሓመቐ ስራሓት ይሰርሑ። ዝተሓተ ቁጠባዊ ትሕዝቶ ስለ ዘለዎም ድማ፡ኣብ ህይወቶም እውን ሓይሊ/ስልጣን የብሎምን።
ካብቶም ዓብይ ሓይን/ስልጣንን ብዙሕ ገንዘብን ዘለዎም ሰባት ዝሓጵር ዕድመ ይህልዎም። እዚድማ ብመጵናዕቲ ዝተደገፈ እዩ።

## ኣድልዎነት

ጵላታዊ ኣድልዎነት ዝበሃሉ ኣምራት ኣብ ሕብረተ-ሰብ ዘለዉ ዘይፍትሓውያን ኲነታት እዮም። ዝተፈላለዩ ሰባት ዝተፈላለዩ ዓቕምታት ከም ዘለዎም ኣብ ግምት ዘየእትዉ ቅጥዕታት ክኾኑ ይኽእሉ።ቤተ-ሰብ ንምጥርናፍ ዝምልከት ቅጥዕታት ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይኽእሉ። ኣብቲ ቅጥዕታት ሰፊሩ ከም ዘሎ፡ ሓደ ሰብ ስድራ-ቤቱ ናብ ሽወደን ከምጵእ እንተድኣ ኲይኑ፡ ስራሕን መንበሪ ገዛን ክህልዎ ኣለዎ ይብል።

እዞም ቅጥዕታት እዚኣቶም ንብዙሓት ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሳገምቲ፡ምስ ስድራ-ቤቶም ከምብሓድሽ ንኸይራኽቡ ካብ ዝገብሩ እዮም።

ስራሕን መንበሪ ገዛን ንምርካብ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። ሕብረተ-ሰብ ሽወደን ኣብ ምሕጋዞም ኣይተዓወተን። እዚ ጠለብ እዚ እምበኣር ኣዳላዊ እዩ።

ካልእ ኣብነት እውን እቶም ብኢሚግረሽን ዝምእከሉ ገዛውትን ኣባይትን ክጥቀሱ ይከኣል።ሕጊ ከም ዝብሎ ንኹሉ ማዕሪ ክኾኑ ኣሎዎም እዩ።ግን ንዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሰባት እቲ ዝነብርሉ ኣባይቲ ዘጸግሞም እንተ ድኣ ኰይኑ ኣዳላዊ እዩ።

## ምትሕንፋጻዊ ትንተና

ምትሕንፋጻውነት ዝብል ቃል/ኣምር ”intersection” ዝብል እንግሊዝኛ ዝተወርሰ ኰይኑ፡ትርጉሙ ድማ ምትሕንፋጽ ማለት እዩ።ምትሕውዋስ ናይ ዝተፈላለዩ ናይ ሓይሊ/ስልጣን ጽፍሕታት፡ኣብ ናይ ሰባት ህይወት እንታይ ዓይነት ጽልዋ ከም ዘለዎም እዩ ዘርኢ።

ነዚ ቃል/ኣምር እዚ ክጥቀሙሉ ዝጀመሩ፡ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ ተቓወምቲ ዓሌታውነት እዮም።እቶም ንመሰልን ማዕርነትን ዝንቀሳቐሱ ጸዓዱ፡ንዓሌት/ብሀር፣ጾታዊ ዝንባሌ፣ዕድመ፣ስንክልናን ደርብን ንዝብሉ ኣምራት መብዛሕትኡ ጊዜ ይርስዕዎም እዮም።

ምትሕንፋጻውነት እምበኣር ሓይሊ/ስልጣን ከመይ ከም ዝመስል ንምርዳእ ይሕግዘና።ሰባት ህይወቶም ከም ዝደለዩዎ ጌሮም ንኸይመርሑ ዝገብሩዎም ቅርጽታት ኣየኖት ምዃኖም የርኢ። ሓደ ሰብ ከምዚ ጌሩ የዘንትው :

*– ጓደቃይ ክረኽቦም ኣይክእለን፡ኣብ ካልእ ሃገር ኣብ መዓስከር ስደተኛታት እየ ምዘለው። ኢሚግረሽን ብሰበብ ጉድለት ዓቕሚ ምቕላብ ዝብል ጠለብ ናይ መንበሪ ፍቓድ ንምሃብ ኣይፈቐደን። ምስ ስንክልናይ ዝሰማማዕ ስራሕ ክሳብ ዘይረኸብኩ ጊዜ፡ ነዚ ጠለብ እዚ ብኸመይ ከማልኦ ይኽእል?ኣብ ርእሰኡ ድማ ንደቀይ ብዘይምርካበይ ጭንቀትን ሕማምን ኣሎኒ”።*

[5]መጽናዕታዊ ምርምር ከም ዘርእዮ፡ሳገምቲ ን ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ዝያዳ ይኸብደን።ስራሕ ንምርካብ ድማ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ንላዕሊ ይጽገማ።
ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሰባት እውን ከምኡ።ኣብ ናይ [6]ስራሕ ዕዳጋ ድማ ካብ ካልኦት ዝወሓደ ዕድል እዩ ዘለዎም።

ልዕል ኢላ ሓሳባ ዝገለጸት ሓንቲ ሳጋሚት ዝኾነትን፡ዘይንቡር ስንክልና ድማ ዘሎዋን እያ።

ኵሎም እዞም ዝተጠቕሱ ነጥብታት ኣብ ንሓድሕዶም ይዋስኡ እዮም። ከም ውጽኢት ድማ ምስ ደቃ ክትራከብ ኣይትኽእልን። ምትሕንፋጻዊ ኣረኣያ ንደሞክራሲን፣ ንፍትሕን ማዕርነትን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

## ሓድሕዳዊ ውህደት- ውህደት ንዅሉ

ውህደት ዝብል ቃል ትርጕሙ ንኽፋላት ኣብ ሓደ ምጥርናፍ እዩ። ዋላ ሓደ ካብዞም ክፋላት ካብ ካልኦት ዝለዓለ ሓይሊ/ስልጣን ክውንን የብሉን። በዚ ምኽንያት እዚ እምበኣር ኣዚ ቃል እዚ ጽቡቕ እዩ።

ሽወደን ምሉእነት ኣሎዋ። ሽወደን ሕውስዋስ ናይ ዝተፈላለዩ ባህልታት እያ። እቲ ሓደ ካብቲ ካልእ ዝለዓለ ሓይሊ/ስልጣን የብሉን።ጽቡቕ ውህደት ክበሃል እንተድኣ ኰይኑ፡ናብራ ናይቶም ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሳገምቲ ኣብ ግምት ዘእቱ ምኺን ኣሎዋ።

ዝበዝሕ ጊዜ ትሕዝቶ ናይ ፖለቲካ እንታይ ይሓስር ኣብ ዝብል ሕቶታት ከተኵር እንከሎ ከቢድ እዩ።ፖለቲካ ብዛዕባ ደሞክራሲ፣ማዕርነትን ኵሎም ደቂ ሰባት ማዕረ ዋጋ ከምዘለዎምን ዝትሕዝቶኡ ክኸውን ኣሎዎ።

ሽወደን ዘይንቡር ስንክልና ንዘለዎም ሰባት ምስ እትቕበል ዝሓሸት ሃገር ከምእትኸውን ክንሓስብ ኣሎና።መስርሕ ዑቕባ ቅድሚ ምጅማሩን እናተኻየደ እንከሎን ድሕሪ ምውዳኡን።

ናጻ መጓዓዝያ ክኸውን ይኽእል፣ ጽቡቕ ትምህርቲ ቋንቋ፣ ዝተመዓራረየ ሕክምና፣ምቹእ ናይ ስራሕ ቅድመ-ኵነት፣ኣብያተ-ትምህርትን ደገፍን።

እቲ ንዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሳገምቲ እነቕርበሎም ጠለባት ንዓቕምታቶም ኣብ ግምት ዘእተዉ ምኺን ኣሎዎም።ልክዕ ምስቶም ካልኦት ዜጋታት ከም እንገብሮ።

ዕዉት ውህደት ክበሃል እንተድኣ ኰይኑ፡ሕብረተ-ሰብ ኵሎም ዜጋታት ጽቡቕ ህይወት ክህልዎምን፡ ኣብ ናይ ገዛኣ ርእሶም ህይወት ድማ ክውስኑ ከም ዝኽእሉን ክገብር ኣሎዎ።
ፖለቲካ ድማ ንዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሳገምቲ፡ ክፋል ናይ ሕብረተ-ሰብ ንክኾኑ ክድግፎም ኣለዎ። ሽዓኡ ኣዩ እቲ ሕብረተ-ሰብ ጠለባት ክገብረሎም ዝኽእል።

ኣብ ፍልልያትና ዝምርኰስ ምክብባር ክህልወና ኣገዳሲ እዩ። ፍልልያት ሓደ ክፋል ናይ ሽወደን ሕብረተ-ሰብ እዩ።




BEVILJAT

# 2� ምስጋምን መሰላትን ኣብ ሸወደን

## ኣገደስቲ ቃላትን ኣበሃህላታትን

ንዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሰባት ዝገልጹ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ቃላት ነይሮም እዮም። መብዛሕትኦም ኣብዚ እዋን እዚ ኣይንጥቀመሎምን ኢና። ሓንካስ፣ደንቆሮ፣ ዝሕቱል ኣእምሮ ዝበሃሉ ኣረግቶትን ክፉኣትን ቃላት ከም ኣብነት ይጥቀሱ።

ኣብዚ እዋን እዚ ግን መብዛሕትኦም ጐደሎ ኣካል ስንኩል ዝብሉ ቃላት እዮም ዝጥቀሙ። ግን ዓለምን ቃላትን ዝምዕብሉ እዮም። ብዙሓት ግን ብዛዕባ ፍልልያት ስንክልና ይዛረቡ።

ምንቅስቓስ ስንኩላንን ምስ እዚ ዝተሓሓዙ ሕቶታትን ዝሰርሑ ሰባትን፡ ኣየናይ ቃል ምጥቃም ከም ዝሓይሽ ኣይሰማምዑን እዮም። ኵሎም በየናይ ኣጸዋውዓ ክገልጹ ከም ዝደልዩ ባዕሎም ክመርጹ ኣገዳሲ እዩ።

DRW ዝጥቀመሉቃል ዘይንቡር ስንክልና እዩ። ከምኡ መበሊና ድማ እቲ ሰብ ኣይኮነን ግጉይ ንምባል እዩ። እቲ ጌጋ ኣብቲ ሕብረተ-ሰብ ዘለዉ ቅጥዕታትን ቅርጽታትን እዮም።

### ሳጋሚ

ሓደ ሳጋሚ ዝበሃል ሰብ፡ዶብ ናይ ሓንቲ ሃገር ሰጊሩ ዝኣተወን ኣብኡ ንኽነብር ዝመጸን እዩ። ብብዙሓት ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ክኸውን ይኽእል።

ሓደ ስደተኛ ዝበሃል ሰብ ከኣ፡ ካብ ሃገሩ ብምኽንያታት ውግእ፣ ዓመጽን ምስርጣያትን  ዝሃደመ እዩ። ኵሎም ሳገምቲ ስደተኛታት ኣይኮኑን።

### ምጥያስ

ፖሊቲካውያንን መንግስታውያን በዓል መዝታትን ብዙሕ ጊዜ ብዛዕባ ምጥያስ ይዛረቡ። እዚ ድማ እቲ ሰብ ኣብ ሸወደን ናይ መንበሪ ፍቓድ ድሕሪ ምውሳዱ እዩ።

ነተን ቀዳሞት ክልተ ዓመታት ፍሉይ መደብ ኣሎ።ሸዓኡ ሰባት ኣብ ሸወደን ህይወቶም ንከመዓራርዩ ተወሳኺ ሓገዛት ይግበረሎም። ስራሕ ንኽረኽቡ ወይ ድማ ንክመሃሩ ይሕገዙ። ሓደ ኣካል ናይቲ ሕብረተ-ሰብ ምእንቲ ክኾኑ። እዚ ፖሊቲካውያን ዝወሰኑዎ እዩ።

## ስንክልና

ሕብረተ-ሰብ ንኹሉ ዘሳትፍ ምእንቲ ክኸውን ዕንቅፋታት ከወግድ ኣለዎ።ስካላታት ወይ ካልኦት ዝተሃንጹ ዕንቅፋታት ክኾኑ ይኽእሉ። ዋላ እውን ንምርዳኦም ዘጸግሙ ሓበሬታት።

ንሰባት ብዙሓት ዝተፈላለዩ ነገራት ዕንቅፋት ክኾኑዎ ይኽእሉ። ንምንቅስቓስ ዝዕንቅፉዎ ነገራት ጥራይ ኣይኮኑን። ንክርድኦም ዘጸግሙ ሓበሬታታት እውን ክኾኑ ይኽእሉ።

ዕንቅፋት ዝፈጥር ሕብረተ-ሰብ እዩ።ብዛዕባ ስንክልና ክንዛረብ እንኸሎና፡ንሕብረተ-ሰብ እነቕርበሉ ጠለባት ኣሎ።

ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት እውን እዩ። ካብ ተሳትፎ ዘይዕንቅፉ ሃውህዋት/ኩነታት እውን ክንፈጥር ኣሎና።

ኣብ 7ውዕል መሰል ስንክልና ብዛዕባ እዚ ብዝያዳ ክንበብ ይከኣል። ሓደ ሕብረተ-ሰብ ጽቡቕ ንኽሰርሕ እንተድኣ ኰይኑ ዋላ ሓደ ዘየግለለ ምስ ዝኸውን እዩ። ስለዚ ድማ ጽቡቕ መደብ ክህልወና ኣሎዎ።
ስንክልና ዝብል ቃል ኣብ ሕግታትን ፖለቲካን ኣገዳሲ እዩ።ንኣብነት ንምህናጽ ገዛውትን ከተማታትን ዝምልከቱ ፍሉያት ሕግታት ኣሎዉ።

## ፍልልያት ስንክልና

ኩሎም ሰባት ዝተፈላለዩ ስንክልናታት ኣሎዎም። ኣካላትና ብዝተፈላለዩ ኣገባባት እዩ ዝንቀሳቐስ። ልሙድ ምንቅስቓስ ብዛዕባ ዝበሃል እውን ሓደ ርእይቶ ኣሎ።ብዙሓት ሰባት ፍልልያት ስንክልና ይብሉ እዮም፡ ክብልዎ ዝደለዩ ግን ዘይንቡር ስንክልና ወይ ድማ ግዱዓት እዩ።

ፍልልያት ስንክልና ግን ካብኡ ዝሓልፍ እዩ።ንቡር ስንክልና ይሃሉዎ ኣይሃልዎ ብዘየገድስ ግን፡ እቲ ሰብ ከመይ ይንቀሳቐስ እዩ ኣቲ ነገር።

## ዘይንቡር ምጉዳል ዓቕሚ/ስንክልና

ልሙድ ዝበሃል ምስ ጊዜ ዝልወጥ እዩ። ንሕብረተ- ሰብ ቅርጺ ክንህቦ እንኸሎና በቲ ንሕና ልሙድ እዩ እንብሎ መርኣያ እዩ። ብኣኡ ምኽንያት ድማ ካልእ ዓይነት ምንቅስቓስ ዝብል ኣረኣእያ ንክህሉ ከቢድ ይኸውን።

ምንቅስቓሳት ኩሎም ሰባት ዝተፈላለየ እዩ።
ሓደ ሰብ ካብ ካልኦት ዝተፈልየ ምንቅስቓስ ምስ ዝህልዎ፡ ካብቲ ንቡር ዝበሃል ወጺኡ ኣሎ። እዚ ማለት ግን እቲ ሰብ ግጉይ እዩ ማለት ኣይኮነን።

ዘይንቡር ስንክልና/ግድዓት ክበሃል ከሎ፡ ካብ ካልኦት ልሙዳት ዝብልዎም ምንቅስቓሳት ፍልይ ዝበለ ስለ ዝኾነ እዩ። DRW ክዛረበሉ ዝደሊ ልሙድን ዘይልሙድን ዝበሃሉ ምንቅስቓሳት እዮም።

ንገለ ሰባት ከም ዝንጸሉ ዝገብርዎም ልምድታት ኣየኖት ምዃኖም ከነርኢ ንደሊ። DRW ኣብ ሕብረተ-ሰብና ዘሎ ንምንቅስቓስ ዝምልከት ኣረኣእያ ክቕይሮ እዩ ዝደሊ።

## ተረካቢ ምዃን

ተረካቢ ምዃን መሰል እዩ። ሕብረተ ሰብና ንኹሉ ብዘሳትፍ መልክዑ ክንሃንጾ ኣሎና። ነዚ ሓላፍነት እዚ ክስከሙ ዘለዎም ድማ ኩሎም ትካላት፣መንግስቲ፣ ዞባታትን ምምሕዳር ንኡሳን ዞባታትን እዮም።

ከመይ ጌርና ኣባይቲ ንሃንጽ፣ኣገደስቲ ሓበሬታት ብኸመይ ነመሓላልፍን ሰባት ድማ እንታይ ዓይነት ሓገዝን ደገፍን ይረኽቡ ዝብሉ ክኾኑ ይኽእሉ።

ኣብ ሽወደን ነዚ ተረካቢ ምዃን ዝብል ኣምር ሸለል ምባል ገበን እዩ። ኣድልዎነት ከኣ እዩ።

ሕብረተ-ሰብ ንኹሉ ተረካቢ ንክኸውን ከመሓየሽ ኣሎዎ። ግን ገለ ሰባት ድማ ፍሉይ ሓገዝን ደገፍን ከድልዮም እዩ። ዘይምርሳዑ ድማ ኣገዳሲ እዩ።

## ሰብኣዊ መሰላት

ሰብኣዊ  መሰላት ንኹሎም ሰባት ዝምልከቱ እዮም። ኩላትና ናጻ ኮንና ዝተወልድናን፡ ማዕረ ዝኾናን ማዕረ መሰላት ዘሎናን ኢና።
መንግስታውያን በዓል መዝታት ንሰብኣዊ መሰላት ክኽተሉ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ሕግታት ድማ ሰፊሩ ይርከብ።

## ኣገደስቲ ሕግታት ኣብ ሽወደን

ኣብ ሽወደን ፍሉይ ኣገዳስነት ዘለዎም ገለ ሕግታት ኣሎዉ።መሰረታውያን ሕግታት/ቅዋማት ይበሃሉ። ሕብረተ-ሰብ ብከመይ ክሰርሕ ከም ዘለዎ ኣብዞም ሕግታት እዚኣቶም ሰፊሩ ይርከብ። እንታይ መሰላት ከም ዘለዉና ዘስፈሩ ካልኦት ሕግታት እውን ኣሎዉ። መንግስታውያን በዓል መዝታት ነዞም ሕግታት እዚኣቶም  ክኽተሉ ኣሎዎም።

አውሮጳዊ ሕብረት እውን ብዙሓትን ኣገደስትን ሕግታት ኣለዉዎ።አውሮጳዊ ሕብረት ንመሰል ዑቕባ ምሕታትን ንምጥርናፍ ስድራ-ቤትን ዝምልከቱ ሕግታት ኣለዉዎ።

ኣብ አውሮጳዊ ሕብረት ዘለዉ ሕግታት ምስ ናይ ሽወደን ሕግታት ብማዕረ እዩ ዘገልግል። ኣብ አውሮጳዊ ሕብረት ፍሉይ ቤት-ፍርዲ እውን ኣሎ።

## ጥጡሕ መነባብሮ

ጥጡሕ መነባብሮ ሓደ ኣካል ናይ ሽወደን እዩ። ኣብዞም ዝሓለፉ ሚኢቲ ዓመታት እውን ከምኡ ጸኒሑ።

ትሕዝቶኡ ድማ ሕብረተ-ሰብ ንዜጋታቱ/ነበርቲ ምቹእን ውሑስን ህይወት ኣብ ምስራዕ ክሕግዞምን ክድግፎምን ኣሎዎ እዩ።ኵሎም ግብሪ ክኸፍሉ ኣሎዎም። እቲ ገንዘብ ድማ ኣብ ምውሓስ ጥጡሕ መነባብሮ ምምስራት እዩ ዝውዕል። ብዛዕባ ስራሕን ዕዳጋ ስራሕን መንግስቲ ዝውስኖ ብዙሕ ኣይኰነን። ማሕበራት ሰራሕተኛታትን ወሃብቲ ስራሕን እዮም ዝወዓዓሉ።

ብዛዕባ ካልኦት ጉዳያት ግን መንግስቲ ሓያል ኢድ ኣሎዎ።ንኣብነት ትምህርትን ሕክምናን።
ንስንክልና ዝምልከት ፖሊቲካ፡ ኣብ ናይ ሽወደን ጥጡሕ መነባብሮ ኣገዳሲ እጃም ኣሎዎ።

## ሕጊ ኣተኣላልያን ኣገልግሎትን ኣገዳሲ እዩLSS

LSS ማለት ሕጊ ኣተኣላልያን ኣገልግሎትን ንገለ ስንኩላን ማለት እዩ።
እዚ ሕጊ እዚ ንኣብነት ንገለ ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሰባት ውልቃዊ ኣገልግሎት ንኽረኽቡ መሰል ይህቦም።

ኵሎም ኣብ ሽወደን ዝነብሩ ከምኡ ዝበለ ሓገዝ ክረኽቡ መሰል የብሎምን።ገለ ሓገዛት ዝወሃብ፡እቲ ሰብ ናይ ሽወደን ዜግነት ዘለዎ ኣብ ምዃንን፡ኣቐዲሙ ድማ ንኽንደይ ጊዜ ሰሪሑ ኣብ ምንባሩን እዩ ዝምርኰስ። ብዓል መዚ ማዕከን ሃገራዊ መድሕን FK እቲ ሰብ ደገፍ ክረክብ መሰል ኣሎዎዶ የብሉን የጻሪ። እዚ ድማ ኣብ መሰላትና እውን ፍልልያት ከም ዘሎ የርኢ።

## ኣብያተ-ፍርዲ

ኣብ ሽወደን ብርክት ዝበሉ ዝተፈላለዩ ኣብያተ-ፍርዲ ኣሎዉ።ናጻ ዝኾኑ ክኣ እዮም።ፖለቲካውያን ኣብ ልዕለኦም ስልጣን የብሎምን። ሓደ ሰብ ሓደ መንግስታዊ በዓል መዚ ንዝወሰነሉ ውሳኔ ናብ ቤት-ፍርዲ ክጠርዕ/ይግባይ ክብል ይኽእል። ንኣብነት በዓል መዚ ኢሚግረሽን ዝወሰኖ ውሳኔ።

ከምኡ ንምግባር ዝኸፈሎ ዋጋ የልቦን። ግን ሓገዝ ናይ ሓደ ናይ ሕጊ በዓል ሞያ የድሊ። መብዛሕትኡ ድማ ባዕልኻ እትኸፍሎ እዩ።

እዚ ድማ እቲ በዓል መዝን እቲ ዝጠርዕ/ይግባይ ዝብል ዘሎ ሰብን ማዕረ ኣይገብሮምን።

ንሕጊ ብዝተፈላለየ መልክዑ ክትጥቀመሉ እንተድኣ ኰይኑ ቤት-ፍርዲ ክምርምሮ ኣገዳሲ እዩ። በዓል መዝታት ንሕጊ ከመይ ከም ዝጥቀሙሉ ዝውስኖ ቤት-ፍርዲ እዩ።

## ሕቡራት መንግስታት ዓለም - FN ሽወደን

ነቲ ብሕቡራት መንግስታት ዝተኣትወ ስንክልና ናይ ዘለዎም ሰባት መሰል ንምኽባር ዝብል ውዕል ንከተተግብር ቃል ኣትያ እያ። እዚ ድማ ብዛዕባ ገለ ሓደስቲ መሰላት ማለት ኣይኰነን።

ኣቲ ጉዳይ እምበኣር እቶም መሰረታውያን ሰብኣዊ መሰላት ንዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሰባት እውን ከም ዝምልከቶም ምግባር እዩ።ኣብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም፡ ሃገራት ነቲ መምርሕታት ዘተግብራኦ እንተድኣ ኰይነን ዝከታተል ጉጅለ ኣሎ።

እዚ ጉጅለ እዚ ብ2014 ኣብ ልዕሊ ሽወደን ነቐፌታ ነይሩዎ።
እቲ ጉጅለ ድማ ንውልቃዊ ምእላይ ዘድልዮም ሰባት ዝውዕል ዝኣክል ገንዘብ ከተቕርብ ኣሎዋ ይብል። ንተራካቢ ምኺን ዝብል ሕቶ ሽለል ዝብሉ ድማ ገለ ዓይነት መቕጻዕቲ ክግበረሎም ኣሎዎ።

## ውዕል ሃገራት አውሮጳ

ብ 1952 እያ ሽወደን ነዚ ውዕል አውሮጳ ዝኸተመትሉ። ብ 1995 ድማ ናይ ሽወደን ሕጊ ኰነ።ነዚ ዝጻረር ድማ ካልእ ሕጊ ክህሉ የብሉን።

ብርክት ዝበሉ ሕግታት ናይ እዚ ውዕል ሃገራት አውሮጳ ንሳገምቲ ኣገደስቲ እዮም። ንእብነት እቲ ኵሎም ምስ ስድራ-ቤቶም ክጥርነፉ ኣሎዎም ዝብል ሕጊ። ብውግእ ምኽንያት ንዝተበታተኑ ስድራ-ቤታት ተመሊሶም ክጠራነፉ መሰል ኣሎዎም።

ሕግታት ውዕል ሃገራት አውሮጳ ከመይ ትጥቀመሉ ግን ኵሉ ጊዜ ንጹር ኣይኰነን።
ሓደ ኵሉ ጊዜ ዝምዕብል ነገር እዩ።

## ዝተፈላለዩ ናይ መንበሪ ፍቓዳት

ኣብዚ ክፋል እዚ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ መንበሪ ፍቓዳት ክንዝርዝር ኢና።ከምኡ ድማ ኣቀባብላ ስደተኛታት ኣብ ሽወደን ከመይ ከምዝመስል።

ንሳግምነት ዝምልከት ፖሊቲካ ብዙሕ ጊዜ እዩ ዝቀያየር። ስለዚ እዩ ድማ ሎሚ ኣብ ስራሕ ዘለዉ ሕግታትን መምርሕታትን ኣየኖት ምዃኖም ምክትታል ዘድሊ።

## ሳገምቲ

ንዝተፈላለዩ ጒጅለታት ሳገምቲ ዝምልከቱ ዝተፈላለዩ ሕግታትን መምርሒታትን ኣሎዉ።

ኵሎም ኣብ ሽወደን ንኽነብሩ ማዕረ ዝኾነ መሰል የብሎምን።

ዑቕባ ዝደሊ ሰብ ኣብ ሽወደን ሓታቲ ዑቕባ እዩ። መንግስታውያን በዓል መዝታት እቲ ሰብ ዑቕባ ዘድልዮ ምዃኑ እንተኣሚኖምሉ ስደተኛ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ስድራ-ቤት ናይዚ ስደተኛ ድማ ናብ ሽወደን ክመጹ መሰል ኣሎዎም።ምስ ቤተ-ሰብና ክንጥርነፍ ኢሎም ድማ የመልክቱ።

ብድሕረኡ እዚ ስደተኛን ስድራ-ቤቱን ምስ ሓደስቲ ምጻኣት ይቝጸሩ።ካብ ሽወደን ድማ ፍሉይ ሓገዝን ደገፍን ይግበረሎም።

ሓደ ሰብ ዘመድ ንምብጻሕ ናብ ሽወደን እንተድኣ ክመጽእ ኈይኑ ግን፡ናይ ቱሪስት/በጻሕቲ ቪዛ እዩ ዝፍቀደሉ። ን 90 መዓልታት ድማ ይጸንሕ።

ሓደ ሰብ ብስራሕ ምኽንያትን ንትምህርትን ብሓድ-ሓደ ካልኦት ምኽንያታትን እውን ንመንበሪ ፍቓድ ከመልክት ይኽእል።

ኣብ ናይ ወጻእተኛታት ሕጊ ሰፊሩ ይርከብ።

ብ 2016 ዝወጸ ጊዜያዊ ሕጊ እውን ኣሎ። ኣብዚ ሕጊ እዚ ናብ ሽወደን መን ይኣቱ ኣብ ዝብል ሕቶ ትርር ዝበለ እዩ።

## ሓታቲ ዑቕባ

ኣብ ሽወደን ዑቕባ ዝሓተቱ ሰባት ካብቶም ዘመድ ንምብጻሕ ዝመጹ ሰባት ካልኦት መሰላት ኣሎዎም።ኣብዛ ሃገር ንኽነብሩ መሰል ኣሎዎም።
መሰል መንበሪ ገዛ፣ሕክምናን ቁጠባዊ ሓገዝን ይረኽቡ።

## ስደተኛ

መን ከም ስደተኛ ይቝጸር ዝምልከቱ ፍሉያት ሕግታት ኣሎዉ።ንሳቶም ድማ ኣብ ንስደተኛታት ዝምልከቱ ውዕላት ሰፊሮም ይርከቡ።

ስደተኛ ዝበሃል ናይ ምስዳድ/ምህዳን ፍርሀታት ከም ዘለዎ መርትዖታት ከቕርብ ኣሎዎ። እቲ ጉዳይ ድማ ንዓኻ ዝምልከት ክኸውን ኣሎዎ። ካብ ውግእን ቦምብታትን ከም ምህዳም ኣይኰነን።

ቀደም ኣብ ሽወደን ሰብ በየናይ ምኽንያት ዑቕባ ይወሃቦ ልዑል ተራ ኣይነበሮን። ንኹሉ ዝምልከት ሓደ ሕጊ እዩ ነይሩ።
ግን ካብ 2016 ንቶም ከም ስደተኛታት ዝቑጸሩን ካልኦት ዑቕባ ዝሓቱን እቶም ሕግታት ነንበይኖም እዮም።
ሓደ ከም ስደተኛ ዝቑጸር ሰብ ኣብ መጀመርያ ንሰለስተ ዓመታት መንበሪ ፍቓድ ይፍቀደሉ።እዘን ሰለስተ ዓመታት ምስ ሓለፋ ዝያዳ ጊዜ ይናዋሓሉ።

## ኣማራጺ ዑቕባ ዝደሊ

ካብ ገዛኻ ዘህድሙ ብዙሓት ኩነታት ኣሎዉ።ሰባት ካብ ውግእ፣ጐነጽን ምፍርራህን ይሃድሙ። ኣብ ናይ ሽወደን ሕግታታት ኣማራጺ ዑቕባ ዝደልዩ ተባሂሎ ይጽዋዕ።
ሓደ ኣማራጺ ዑቕባ ተዋሂቡ መጀመርያ ን 13 ኣዋርሕ ናይ መንበሪ ፍቓድ ይረክብ።

ድሕሪኡ ሓደ፡ ቀጻሊ ዑቕባ ዘድልዮ እንተኾይኑ ከምብሓድሽ ክመልክት ኣሎዎ።

## ተኣፈፍቲ ኩነታት

ቀደም ኣብ ሽወደን ብምኽንያት ሕማማትን ዘይንቡር ስንክልናን ኣብ ናይ መንበሪ ፍቓድ ይረኽቡ ነይሮም።

ሓደ ሰብ ኣብዚ ነዊሕ ብምጽንሑ፡ እሞ ንሃገሩ ምስ ዝምለስ ከቢድ ሽግር ዘጋጥሞ ስለዝኸውን ኣብዚ መንበሪ ፍቓድ ክረክብ ይኽእል ነይሩ።

እዚኦም ድማ ተኣፈፍቲ ኩነታት ወይ ብምኽንያት ጥዕና ይበሃሉ ነይሮም። ካብ 2016 ግን ሕግታት እናተረሩ ከይዶም። ሎሚ ግን በዞም ዝተጠቕሱ ምኽንያታት መንበሪ ፍቓድ ዝረክብ ዳርጋ ዋላ ሓደ የልቦን።

ሓደ ሰብ ካብ ሽወደን ንኽወጽእ ዘየኽእል ኣዝዩ ሕሙም እንተድኣኰይኑ ከምኡ ዓይነት መንበሪ ፍቓድ ይረክብ። እዚ ግን ንኽመውት ተኽእሎ እንተሎ እዩ።

## ሓድሽ ምጻእ

ሓደ ሓድሽ ምጻእ ዝኾነ ሰብ፡ ናይ ብሓቂ እንተድኣ ኰይኑ ኣብ ሽወደን ሓድሽ/ጋሻ እዩ።ግን ናይ ሽወደን በዓል መዝታት ነዚ ቃል እዚ ብኻልእ መልክዕ እዮም ዝጥቀሙሉ።

በዓል መዝታት ነዚ ቃል እዚ ኣብ ዑቕባ ዝረኸቡ ሰባት እዮም ዝጥቀሙሉ። እተን ቀዳሞት ክልተ ዓመታት ድሕሪ መንበሪ ፍቓዶም ምርካቦም ከም ሓደሽቲ ምጻኣት ይቝጸሩ።

## ሰነድ ዘይብሎም

ኣብ ሽወደን ክነብር መሰል ዘይብሉ ሰብ ሰነድ ዘይብሉ ይበሃል።

መብዛሕትኡ ጊዜ ድማ ዑቕባ ሓቲቶም ዝተነጽጉ ሰባት እዮም። ከምኡ እውን ናብ ሃገራቶም ክምለሱ ዘይደልዩ ወይ ዘይኽእሉ።

## ስራሕ ወይ ትምህርቲ

ሓደ ሰብ ንኽሰርሕን ወይ ድማ ንክምሃርን መንበሪ ፍቓድ ክረክብ ይኽእል።

መብዛሕትኡ ጊዜ ከምኡ ዝበለ ፍቓድ ንምርካብ ኣብ ሃገርካ ኰንካ ኢኻ እተመልክት።

እንሓንሳብ ድማ ሓደ ዑቕባ ዝሓተተ ሰብ፡ንኽሰርሕ ወይ ንክመሃር እውን ብቀጥታ ኣብ ሽወደን ኰይኑ ፍቓድ ክሓትት ይኽእል።

ብ 2017 ከምኡ እውን ብ 2018 ኣብ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ንምምሃር ዝምልከት ዝወጸ ሕጊ ኣሎ።

ዑቕባ ዝሓተቱ መንእሰያት ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቶም ንምውዳእ ኣብ ሽወደን ክጸንሑ ይፍቀደሎም።

ፖሊቲከኛታት ነዚ ሕጊ እዚ ብቑልጡፍ ስለ ዘጽደቕዎ ንምርዳኡ ኣጸጋሚ ኰይኑ።ኣብ ስራሕ ንኸተውዕሎ ኣጸጋሚ ነይሩ።

## ስድራ-ቤት ኣብ ሽወደን

ደቂ ሰባት ምስ ስድራ-ቤቶም ንኽነብሩ መሰል ኣሎዎም።

ሓደ ሰብ ኣብ ሽወደን ዑቕባ እንተረኺቡ ስድራ-ቤቱ እውን ናብኡ ክመጽኡ መሰል ኣሎዎም።

ግን ሓደ ሰብ ስድራ-ቤቱ ከምጽእ እንተድኣ ኰይኑ ስራሕን ዝበቅዕ መንበሪ ገዛን ክህልዎ ኣሎዎ ዝብል ሕግታት ኣሎዉ።

እዞም ሕግታት እዚኣቶም ንብዙሓት ምስ ስድራ-ቤቶም ንኺይጽንበሩ ይገብሩዎም።

ንዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሰባት ድማ ብዝያዳ ዘጸግም እዩ።ንመብዛሕትኦም ድማ ኣብ ሸወደን ስራሕ ንክረኽቡ ዳርጋ ዘይከኣል እዩ።

እዚ ድማ ምስ ስድራ-ቤትካ ንምጥርናፍ ከም ዘይከኣል ይገብሮ።

DRW ነዚ ጉጅለ እዚ ዘስተናግዱ ፍሉያት ሕግታት ክህልዉ ኣሎዎም ይብል።

እንተዘይኰኑ ሸወደን ንሰብኣዊ መሰላት ትግህስ ኣላ ማለትዩ። እቶም ነደፍቲ ሕጊ ሓደሽቲ ሕግታት ክነድፉ እንኰለዉ፣ንሕቶ ግዱዓትን ኣጠማምታን ኣብ ግምት ከእትዉ ኣሎዎም።

## ናብ ዝመጽእካሉ ምምላስ

ኣብ ሸወደን ንኽጸንሕ ፍቓድ ዘይረኸበ ሰብ ካብ ሃገር ክስጐግ ይኽእል። ክሳብ ዝተወሰነ ጊዜ ናብ ሸወደን ተመሊሱ ንኸይኣቱ እውን ይኽልከል። እንሓንሳብ ድማ ፖሊስን ኢሚግረሽንን እቲ ሰብ ክሳብ ዝስጐግ ኣብ ቀይዲ ንኽጸንሕ ይውስኑ።ኣብ ቀይዲ ድማ ይኣቱ።

ሓደ ሰብ ካልእ ኣባል ሕብረት ኣውሮጳ ኣብ ዝኾነት ሃገር ዑቕባ ምስ ዝሓትት፡ ኣብ ሸወደን ዑቕባ ንክሓትት ገለ ጊዜ ክጸንሕ ኣሎዎ።

ኣብ ናይ ዳብሊን ውዕል ሰፊሩ ይርከብ።ብዛዕባ ኣብ ሸወደን ንክነብሩ ዘይተፍቐደሎም ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሰባት ከመይ ከም ዝኸውን ብዙሕ ኣፍልጦ የብልናን።

## ኣቀባብላን ምጥያስን

ስደተኛታትን ካልኦት ሓተትቲ ዑቑባን ኣብ ሸወደን ብዙሕ ሓገዝ ይረኽቡ። ንካልኦት ጉጅለታት ሳገምቲ ግን ከምኡ ኣይኰነን።

ኣብ ሸወደን ዑቕባ ዝሓቱ ሰባት ናይ መንበሪ ገዛን ቑሩብ ገንዘብን ሓገዝ ይረኽቡ። ነዚ ዘሰናድው ድማ በዓል መዚ ኢሚግረሽን እዩ። እቶም ዑቕባ ሓቲቶም ናይ መንበሪ ፍቓድ ዝረኸቡ ሰባት ካብ በዓል መዚ ዕዳጋ ስራሕ AF ይሕገዙ። እዚ ድማ መደብ ምጥያስ/እግሪ ምትካል ይበሃል።

ቋንቋ ሸወደን ክመሃሩ ኣሎዎም፡ብዛዕባ ሕብረተ-ሰብ ሸወደን ክመሃሩ ኣሎዎም ናይ ስራሕ ምልምማድ እውን ክገብሩ ኣሎዎም።ስራሕ ንኽረኽቡ፣ትምህርቲ ክጅምሩን ወይ ድማ ናይ ግሊ ትካል ንኽገብሩን ሓገዝ ይግበረሎም። ኵሎም ናብ ሸወደን ዝመጽኡ ግን እዚ ሓገዛት እዚ ንክረኽቡ መሰል የብሎምን።

ንኣብነት ናብ ብጸይቶም ዝመጹ ሰባት ክኾኑ ይኽእሉ። ኣብ ሽወደን ህይወቶም ንክጅምሩ ኣዝዩ የጸግሞም። መን ሓገዝን ደገፍን ከገብረሎም ኣሎዎ ዝብል ሕቶ ንጹር ኣይኮነን።

## ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሳገምቲ

መን ኣብ ሽወደን ክነብር ኣሎዎ ዝውስኖ በዓል መዚ ኢሚግረሽን እዩ።
ንውሳኔኦም ዘይዓገበሉ ሰብ ናብ ፍሉይ ቤት-ፍርዲ ይግባይ ክብል ይኽእል።ሓደ ሰብ ኣብ ሽወደን ክነብር ይፍቀደሉን ኣይፍቀደሉን ንኽፈልጥ ዓመታት ክወስድ ይኽእል።
ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሳገምቲ ኣብ ትጽቢት ኣብ ዝጸንሑሉ ጊዜ ፍሉይ ሓገዝ ከድልዮም ይኽእል።እንታይ ዓይነት መሰላት ኣለዉዎም ኣብ ዝተፈላለዩ ሕግታት ሰፊሮም ይርከቡ።

ሕጊ ኣገልግሎትን ደገፍን LSS ንገለ ዓይነት ግድዓት ንዘለዎም ሰባት ተወሳኺ ሓገዝ ይህቦም።
ንኣብነት ናይ ግሊ ኣገልጋሊ/ኣላዪ ብምምዛዝ። እቲ ዓብይ ጸገም ግን እዚ ሕግዚ ንስደተኛታት ዘይምልከት ምዃኑ እዩ።

ካብ ኢሚግረሽን መልሲ ክሳብ ዝመጾም ድማ ዝኾነ ዓይነት ሓገዝ ኣይረኽቡን።

ንብዙሓት ናይ ምንቅስቓስ ጸገም ዘለዎም ሰባት ኣገልግሎት ናጻ መጓዓዝያ ክረኽቡ ኣገዳሲ እዩ። ዞባታትን ምምሕዳራት ንኡሳን ዞባታትን እዮም ነዚ ዝውስኑ። ንሓተቲ ዑቕባ ኣገልግሎት ናጻ መጓዓዝያ ክፍቅዱሎም እውን ክመርጹ ይኽእሉ። ንኡሳን ዞባታት ነዚ ንኽገብሩ ዘገድዶም ሕጊ የልቦን።

## ባዕልኻ ምውሳን

ኩሎም ኣካላት ሕብረተ-ሰብ ንክኾኑ መሰል ኣሎዎም። ኩሎም ድማ ኣብ ህይወቶም ባዕላቶም ክውስኑ መሰል ኣሎዎም። እዚ ኣብ ዝተፈላለዩ ሕግታት ሰፊሩ ይርከብ። እዞም ሕግታት እዚኣቶም ክመጽኡ ዘኽእሎም ድማ ሰባት ስል ዝተቓለሱሉ እዩ። ፖሊቲካውያን ድማ ሰሚዖሞም።

## ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት

ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ሓገዝ ገንዘብን ሓገዝ ኣብ ገዛን እዩ ዝምልከት። ምምሕዳራት ንኡሳን ዞባታት ንኹሎም ኣብቲ ንኡስ ዞባ ዝነብሩ ክሕግዙ ኣሎዎም። ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ነቶም ብዝያዳ ዝጽገሙ ሰባት ክሕግዙ ኣሎዎም።

ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሰባት መዓልታዊ ክነጥፉሉ ዝኽእሉ ኵነታት ክፈጥረሎም ኣሎዎ። ምስ ኵነታቶም ዝሰማማዕ መንበሪ ንኽህልዎም። ከምኡ ድማ እቲ ዘድልዮም ሓገዝ ንክረኽቡ። እቲ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ፍሉያት ኣባይትን ኣፓርታማታትን ነቶም ዘድልዮም ሰባት ከዳሉ ኣሎዎ።

እቶም ኣብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ዝርከቡ ፖሊቲካውያን እዮም እቲ ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ከመይ ክሰርሕ ከምዘለዎ ዝውስኑ። ሓደ ሰብ ካብ ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዘድልዮ ሓገዝ ምስ ዝህሉ ናብ ቤት-ጽሕፈቶም ክኸይድ ኣሎዎ። እቲ ዝደልዮ እንታይ ምዃኑ ድማ ይነግር። ድሕሪኡ ሓደ ኣብኡ ዝሰርሕ ሰብ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ክወሃቦ ከም ዝከኣል ይምርምር።

## ሕጊ ኣገልግሎትን ደገፍን LSS

እዚ ሕጊ ኣገልግሎትን ደገፍን ንዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሰባት ዝምልከት እዩ።ብዝተኻእለ መጠን ጽቡቕ ናብራ ንኽነብሩ ክሕግዙ ኣሎዎም።ንኽሰርሑ፣ንክመሃሩ ወይ ድማ ትርጉም ዘለዎ መዓልታዊ ንጥፈታት ክህልዎም ኣሎዎ።ናብ ቲያትር፣ኮንሰርት፣ስፖርታዊ ንጥፈታት ወይ ድማ ካልኦት ዝግድሱዎም ነገራት ክኸዱ ክኽእሉ ኣሎዎም።

ኣብ ሕጊ ኣገልግሎትን ደገፍን ዝምርኰሱ ሓገዛት ንምርካብ እቲ ሰብ ኣብ ሓደ ንኡስ ዞባ ብቀዋምነት ዝነብር ክኸውን ኣሎዎ።እቲ ሰብ ድማ ኣብዞም ዝስዕቡ ጉጅለታት ዝካተት ክኸውን ኣሎዎ:

1. ናይ ምምዕባል፣ ኣውቲዝም ወይ ድማ ከምኦም ዝእመሰሉ ጸገማት ዘለዎም።
2. ናይ ሓንጐል መጕዳእቲ ሃልዩዎም ብእኡ ምኽንያት ድማ ዝሰንከሉ ዓበይቲ።
3. ካልኦት ድማ ከበድቲ መግዳዕቲታት ዘለዎም ኰይኖም ባዕላቶም ህይወቶም ክመርሑ ዘይኽእሉ።

ንኡስ ዞባዊ ምምሕዳር ነቲ ሰብ፡ እቲ ብትኽክል ዘድልዮ ሓገዝ ከዳልወሉ ኣሎዎ።እቲ ሰብ ድማ ባዕሉ ብዛዕባ እቶም ዝግበሩሉ ሓገዛት ኣብ ምውሳን ክሳተፍ ኣሎዎ። ዋላ ቆልዑት እውን ብዛዕባቲ ዝግበረሎም ሓገዝ ርእይቶ ክህልዎም መሰል ኣሎዎም።

## ኣገልግሎት ናጻ መጓዓዝያ

ብህዝባውያን መጓዓዝያታት ከም ብባቡራትን ኣውቶቡሳትን ካብን ናብን ክመላለስ ዝጽገም ሰብ ፍሉይ ሓገዝ ንኽረክብ መሰል ኣሎዎ። ብኣገልግሎት ናጻ መጓዓዝያ ይጕዓዙ። ንመኪናኦም ዘድሊ ምቅይያራት ንኽግብሩላ እውን ገንዘብ ይሕገዙ።

መብዛሕትኡ ጊዜ መሰል ናጻ መጓዕዝያ ንክትርከብ ናይ መንበሪ ፍቓድ ክህልወካ ኣሎዎ። እቲ ሰብ ናይ ሽወደን ዜጋ ክኸውን ኣየድልን። ምምሕዳር ዞባ ንመንበሪ ፍቓድ ዘይብሉ ሰብ ንኽሕግዝ እውን ክመርጽ ይኽእል እዩ።

## መሰል ምምሃር

ኣብ ሽወደን ቆልዑት ናብ ቤት-ትምህርቲ ክኣትዉ መሰል ኣሎዎም። እዚ ድማ ንኹሎ ም ቆልዑ ይምልከት። መንበሪ ፍቓድ ይሃልዎም ኣይሃልዎም ብዘየገድስ። ዋላ ሰነድ ዘይብሎም ቆልዑት ክመሃሩ መሰል ኣሎዎም።

### መዋእለ ህጻናት:

ናእሽቱ ህጻናት ካብ ሓደ ዓመት ዕድመ ጀሚሮም ኣብ መዋእለ ህጻናት ክጅምሩ ይኽእሉ። ዋላ እውን እቶም ወለዲ ስራሕ ኣይሃልዎም እቶም ቆልዑት እንተወሓደ ኣብ መዓልቲ ሰለስተ ሰዓታት ኣብ መዋእለ ህጻናት ክኾዱ መሰል ኣሎዎም። ኣብ ምዕባሌኦም ጸገም ዘለዎም ቆልዑት ካብቲ መዋእለ ህጻናት ሓገዝ ይረኽቡ።

### ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛታት SFI:

ኵላቶም ምምሕዳራት ንኡስ ዞባታት ትምህርቲ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛታት SFI ክዳልዉ ኣሎዎም።ኣብኡ ሰብ ብቋንቋ ሽወደን ምዝራብን፣ምንባብን ምጽሓፍን ይመሃር። እቲ ኣገዳሲ ድማ ኣብ ስራሕ ኰነ ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትን ክሳትፎ ዝኽእል ቋንቋ ሽወደን ክመሃር ኣሎዎ።

### ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ:

ናብ ሽወደን ዝመጹ መንእሰያት ኣብ ማእከላይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ክመሃሩ መሰል ኣሎዎም። መብዛሕትኦም ኣብ ፍልይ ዝበለ መለማመዲ ትምህርቲ ይጅምሩ።
ኣብ ሽወደን ሓደ ቅድሚ 18 ዓመት ምምልኡ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዝጀመረ ትምህርቱ ክውድእ መሰል ኣሎዎ።

ኣብ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ንምምሃር ኣብ ሽወደን ንክትጸንሕ ዘፍቅድ ፍልይ ዝበለ ሕጊ ኣሎ። ብዛዕባ እዚ ኣብ በዓል መዚ ኢሚግረሽንን ኣብ በዓል መዚ ኣብያተ ትምህርትን ከምኡ እውን ኣብ FARR ዝበሃል ውድብን ኣቲኻ ከተንብብ ይከኣል።

### ዩኒቨርሲቲን ኮለጅን:

ኵሎም ኣብ ሽወደን ዝነብሩ ኣብ ኮለጃትን ዩኒቨርሲቲታትን ኣትዮም ክመሃሩ መሰል ኣሎዎም። ግን ናይ መንበሪ ፍቓድ ክህልዎም ኣሎዎ። ኣብ ርእሰኡ ድማ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቱ ዝወድአ ክኸውን ኣሎዎ።

## ብዛዕባ መሰል መንበሪ ገዛ

መንበሪ ገዛ ክህልወካ ሰብኣዊ መሰል እዩ። መንግስቲ ድማ ኩሉ መንበሪ ገዛ ከም ዝህልዎ ክገብር ኣሎዎ። እዚ ንሳገምቲ እውን የጠቓልል። ከምኡ ኮይኑ ግን ኣብ ሽወደን ግዳም- ሓደር ዝኾኑ ብዙሓት ኣሎዉ።

ፖሊቲካውያን ንኹሉ ዝኣክል ኣባይትን ኣፓርታማታትን ኣብ ምቕራብ ኣይተዓወቱን። ኣብ ሽወደን ንኹሉ ዝኣካል ናይ መንበሪ ገዛ ቀረብ ክዳሉ ሓላፍነት ዘለዎ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ሰፊሩ ይርከብ። ምምሕዳራት ንኡስ ዞባታት ንኣረገውትን ነቶም ሕጊ ኣገልግሎትን ደገፍን LSS ዘፍቅደሎም ሰባትን ዝኸውን ፍሉይ መንበሪ ገዛውቲ ክቕርቡ ኣሎዎም።

ስደተኛታት ብከመይ ክነብሩ ከም ዘለዎም ዝምልከት ካልእ ሕጊ እውን ኣሎ። ኩሎም ምምሕዳራት ንኡሳን ዞባታት ኣብ ሽወደን ንነበርተን ኣብዚ ጉዳይ እዚ ክድግፋ ኣሎዎም። ስደተኛታት ናይ መንበሪ ፍቓዶም ምስ ረኸቡ እንተወሓደ ንክልተ ዓመት ክነብርሉ ዝኽእልሉ ገዛ ክህብዎም ኣሎዎም።ካብኡ ንላዕሊ ንክነብሩሉ ክኽእሉ ምተመርጸ። ግን ናይ ግድን ኣይኮነን

## ብዛዕባ መሰል ምዝንጋዕን ባህላዊ ንጥፈታትን

ሰባት ክንቀሳቐሱ እንክለዉን ኣብ ትርፊ ግዜኦም ድማ ዘሓጉሱ ነገራት ክገብሩ እንከለዉ እዮም ጽቡቕ ዝስምዖም።

ሕብረተ-ሰብ ድማ ሰባት ከምኡ ንኽገብሩ ክድግፎም ኣሎዎ።

ንኡሳን ዞባታትን ከምኡ እውን ዞባታት፡ናይ ስፖርት ቦታታት፣ናብ ትያትር ምኻድ፣ሙዚቃ ምስማዕን ካልኦት ንዓኦም ዝመስሉ ነገራትን ናይ ምቕራብ ሓላፍነት ኣሎዎም።

ኣብዛ ሃገር ሳገምትን ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሰባትን ፍሉያት ንጥፈታት ዘካይዱሎም ብዙሓት ቦታት ኣሎዉ።

እቲ ኣዳራሻት ንምእታዉ ዘጸግም እንተኾይኑ ዝሕግዙ ሰባት ኣሎዉ።

## ብዛሕባ መሰል ሓለዋ ጥዕና

መሰል ሓለዋ ጥዕና ሰብኣዊ መሰል እዩ። እዚ ድማ ጽቡቕ ሕክምና ማለት እዩ። ከምኡ እውን ዝኣክል መግብን ጽቡቕ መንበሪ ገዛን ክዳውንትን ምህላው እዩ።

ንጥዕና ዘይሰማምዑ ብዙሓት ሕማቓት ነገራት ኣሎዉ። ጽምዋ፣ምስ ስድራኻ ዘይምንባር፣ገንዘብ ምስኣን ዝኣመሰሉ ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይኽእሉ። ኵሎም ጽቡቕ ክስመዖም ኣሎዎ። ንሕብረተ-ሰብ እውን ጽቡቕ እዩ።

## ሕጊ ክንክን ጥዕናን ሕክምናን

ንክንክን ጥዕናን ሕክምናን ዝምልከት ፍሉይ ሕጊ ኣሎ።ኣብኡ ድማ ሕብረተ-ሰብ እንታይ ዓይነት ክንክን ጥዕና ክቕርብ ከምዘለዎ ሰፊሩ ኣሎ።መሰል ዳግመ ምጥያስ ኣካላትን መጋበርያታትን ዝምልከት እውን ኣብኡ ሰፊሩ ይርከብ።

ቋንቋ ሸወደን ዘይዛረብ እንተኾይኑ እውን ምስ ሓኪም ወይ ኣላይት ሕሙማት ኣብ ዝራኸበሉ ኣስተርጓሚ ክምዘዘሉ መሰል ኣሎዎ።

## ካልኦት ሕግታታት ክንክን ጥዕና

ሰነድ ዘይብሎም ኣብ ሽወደ ተሓቢኦም ዝነብሩ ሰባት ገለ ዓይነት ሕክምና ንክረኽቡ መሰል ኣሎዎም።ክጸንሕ ዘይክእል ሕክምና ክግበረሎም ኣሎዎ።እንታይ ማለት ምኻኑ ግን ንጹር ኣይኮነን።

እቲ ሰብ ነየናት ዓይነት ሕማማት እዩ ክሕከም ዝኽእል ንምፍላጡ ግን ኣጸጋሚ እዩ።ዝተፈላለዩ ሓካይም ነዞም መምርሒታት እዚኣቶም በብዝመስሎም ይጥቀሙሎም።

ከቢድ ሕማም ወይ መጕዳእቲ ዝወረዶ ሰብ ኩሉ ጊዜ ናብ ሆስፒታል ይኸይድ።ከምኡ ዝበለ ሰብ ሓገዝ ክረክብ መሰል ኣሎዎ። ኣብ ሆስፒታል ዝሰርሑ ሰባት ናብ ፖሊስ ክድውሉ የብሎምን።

ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ ቆልዑት ኩሉ ጊዜ ሕክምናን ሕክምና ኣስናንን ክረኽቡ መሰል ኣሎዎም።ሰነድ ዘይብሎም ቆልዑት ከምቲ ንቆልዑት ሽወደን ዝወሃብ ሕክምና ይረኽቡ።

ኣብ ሽወደን ዑቕባ ንዝሓተቱ ሰባት ብዛዕባ ጥዕናኦምን ሕክምናን ዝምልከት ፍሉይ ሕጊ ኣሎ። ኣብኡ ድማ ኩሎም ናብ ሽወደን ምስ መጽኡ ብሓኪም ክምርመሩ ኣሎዎም ይብል። እዚ መርመራ እዚ ድማ ብናጻ እዩ ዝግበር።

እቶም ሓካይም ኣብታ ናይ መጀመርታ መርመራኦም ዝረኣዩን ዘይረኣዩን መግዳዕትታት ክምርምሩ ኣገዳሲ እዩ። ከምኡ ዓይነት ምስ ዝርከብ ኣቲ ሰብ ብቐልጡፍ እቲ ዝድለ ሓገዝን ደገፍን ይረክብ።

## ሕጊ ኣቀባብላ ሓተትቲ ዑቕባ LMA

እዚ ሕጊ LMA ኣብ ሽወደን ንዝኣተዉ ስደተኛታትን ካልኦት ሓተትቲ ዑቕባን ዝምልከት እዩ፡፡ኣዚ ሕጊ እዚ መንበሪ ገዛን ቀኍሩብ ገንዘብን ንኸረኽቡ የፍቅደሎም፡፡ነዚ ብሓላፍነት ዝስከሞ መን ምኳኑ ንጹር ኣይኮነን፡፡

በዓል መዚ ኢሚግረሽንን ንኡሳን ዞባታትን፡ ዞባታትን ንሓድሕዶም ኣይሰማምዑን፡፡ እዚ ድማ ብፍላይ ነቶም ተወሳኺ ሓገዝ ዘድልዮም መን ይኸፍሎ ኣብ ዝብል ሕቶ እዩ፡፡ ሓድ-ሓደ ጊዜ ሰባት ዝኾነ ዓይነት ሓገዝ ኣብ ዘይረኽቡሉ ኵነታት ይብጻሕ፡፡

ኣብ ሽወደን ዝተፈላለዩ ሕግታት ምህላዎም ምዝካር ኣገዳሲ እዩ፡፡ ኣብዚ ሕጊ LMA ዘይሰፈረ ነገር ምስ ዝህሉ እቶም ካልኦት ሕግታት እዮም ዘገልግሉ፡፡

## መን እንታይ ይገብር?

ነየናይ መን ብሓላፍነት ይጥየቐሉ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ሕጂ ብዛዕባኦም ክንዛረብ ኢና፡፡

## በዓል መዚ ኢሚግረሽን

በዓል መዚ ኢሚግረሽን መን ኣብ ሽወደን ይነብር ዝምርምር ኣካል እዩ፡፡በዓል መዚ ኢሚግረሽን፡ሰባት ውሳኔ ክረኽቡ ኣብ ዝጽበዩሉ ጊዜ ብመንበሪ ገዛን መግብን ቀኍሩብ ገንዘብን ይሕግዞም፡፡

ብዓል መዚ ኢሚግረሽን ነቶም ዑቕባ ዝሓተቱ LMA-ካርድ ይዕድሎም፡፡ እዚ ካርድ እዚ ዝሓዘ ሰብ ክሳብ ውሳኔ ዝረኽብ ኣብ ሽወደን ክጸንሕ መሰል ከምዘለዎ እዩ ዘርኢ፡፡ናይ ብዓል መዚ ኢሚግረሽን ዘመሓድሮም ኣባይትን ገዛውትን ንዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሰባት እውን ዝሰማምዑ ምኳን ኣሎዎም፡፡

ካብቲ ብዓል መዚ ዝመጹ ሓበሬታታት እውን ንኸሉ ክባጻሕን ክሰማማዕን ኣለዎ፡፡ ብዓል መዚ ኢሚግረሽን ነቶም ሓጋዚ መጋበርያ ዘድልዮም ኣበይ ክረኽብዎ ከም ዝኽእሉ ክሕብር ኣለዎ፡፡

## ብዓል መዚ ስራሕ AF

ብዓል መዚ ስራሕ ሰባት ስራሕ ንኽረኽቡ ይድግፍ፡፡

ብዓል መዚ ስራሕ ኣብ ሓደሽቲ ምጻኣት ናብ ሽወደን ፍሉይ ሓላፍነት ኣሎዎ።

ብቑልጡፍ ስራሕ ንኽረኽቡ ወይ ድማ ትምህርቲ ክጅምሩ ኣሎዎም። ንስደተኛታትን ዑቕባ ንዝረኸቡን ነተን ቀዳሞት ክልተ ዓመታት ዝጸንሑ ፍሉያት መደባት ኣሎዉ። ናይ መትከል እግሪ ፕሮግራም ተባሂሉ ይጽዋዕ።

## ብዓል መዚ ሃገራዊ መድሕን Fk

ብዓል መዚ ሃገራዊ መድሕን ንኽሰርሑ ዘይክእሉ ሰባት ገንዘብ ይኸፍሎም።እዚ ድማ ንዝሓመሙን፣ ናይ ወለዲ ዕረፍቲ ዘለዎምን ዘይንቡር ስንክልና ንዘለዎምን ይምልከት።

ካብ ብዓል መዚ ሃገራዊ መድሕን ሓገዝ ዝረክብ ሰብ፡ ኣብ ሽወደን ዝነብርን ወይ ድማ ዝሰርሕን ክኸውን ኣሎዎ። መብዛሕትኡ ድማ እቲ ሰብ ናይ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎ ክኸውን ኣሎዎ። ብዓል መዚ ሃገራዊ መድሕን ኣብ ሽወደን ሓደሽቲ ምፃኣት ንዝኾኑን ኣብ መትከል እግሪ ፕሮግራም ዝኣትዉን ገንዘብ ይኸፍሎም።

## ምምሕዳራት ንኡስ ዞባታትን ዞባታትን

ኣብ ሽወደን 290 ንኡሳን ዞባታት ኣሎዉ። ኣብቲ ንኡስ ዞባ ዝነብሩ፡ ኣየኖት ፖሊቲካውያን ከመሓድሩ ከም ዘለዎም ይመርጹ። ፖሊቲካውያን ንኡስ ዞባ ኵሎም  ነበርቲ እቲ ንኡስ ዞባ ጽቡቕ ናብራ ክህልዎም ክሰርሑ ኣሎዎም።

ኩሎም ኣብቲ ንኡስ ዞባ ዝነብሩ ግብሪ ይኸፍሉ እዮም። እቲ ገንዘብ ድማ ናብ ኣብያተ ትምህርትን ናብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ካልእን ይውዕል። ኣብ ሽወደን 21 ዞባታት/ኣውራጃታት ኣሎዉ። እዞም ዞባታት/ኣውራጃታት ንሕክምናታት ይኣልዩ። ኣብ ርእሰኡ ድማ ንመጓዓዝያ ባቡራትን ኣውቶቡሳትን ይኣልዩ።

ንኡሳን ዞባታትን ዞባታትን/ኣውራጃታትን ዝበዝሕ ባዕላቶም ይውስኑ። ግን ባይቶ ሽወደን ዘውጽኦም ኵሎም ሕግታት ክኽተሉ ኣሎዎም። ሕጊ ኣገልግሎትን ደገፍን LSS ፣ ሕጊ ኣብያተ ትምህርትን ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ክኽተሉ ኣሎዎም። ንኡስ ዞባ ንዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሰባት ኣብ ምሕጋዝ ፍሉይ ሓላፍነት ኣሎዎ።

## ገንዘብ ንንኡሳን ዞባታት

ንኡሳን ዞባታት ኣታዊኦን ካብ ግብሪ እዩ። ግን ካብ መንግስቲ እውን ይኸፍሎም እዩ። ንኡሳን ዞባታት ስደተኛታትን ካልኦት ሳገምትን ንክኣልዩ ገንዘብ ካብ መንግስቲ ይኽፈሉ።

ፖሊቲካውያን ንዝተፈላለዩ ነገራት መን ይኽፍል ኣብ ዝብል ሕቶ ኣይሰማምዑን። ማለት ንኡሳን ዞባታት ድዮም ወይ መንግስቲ እዩ ዝኸፍል ኣብ ዝብል።

ኣብ ክንዳኡ ግን ፖሊቲካውያን ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላትን ከመይከ ኣብ ግብሪ ይውዕሉን ኢሎም ክዛረቡ ነይሩዎም።

## ማሕበራት

ኣብ ሽወደን ኣዝዮም ብዙሓት ማሕበራትን ውድባትን ካልኦት ጉጅለታትን ኣሎዉ።ንኣብነት ምስ ሕቶታት ግዱዓት  ሰባት ዝሰርሑ ብዙሓት ውድባት ኣሎዉ።

ካልኦት ውድባት ድማ ንሳገምትን መሰላቶምን ዝጣበቑ ኣሎዉ። ፖሊቲካውያንን በዓል መዝታትን ነዞም ማሕበራትን ውድባትን ክሰምዕዎም ኣገዳሲ እዩ። ኲሎም ሓቢሮም ምስ ዝሰርሑ እዩ ዝበለጸ ዝኸውን። DRW ዝረኸቦም ብዙሓት ሳገምቲ ከም ዝብልዎ ብዘይ ሓገዝ እዞም ማሕበራትን ውድባትን ምንም ክገብሩ ከም ዘይምኽኣሉ እዩ።

ቀይሕ መስቀል ከም ኣብነት ይጥቀስ። ንብዙሓት ሳገምቲ ስነ-ኣኣምሮኣዊ ሕክምና ንክረኽቡ ሓጊዞም እዮም። ናይ ሽወደን ቤተ-ክርስትያን ብዙሓት ካብ ሕብረተ-ሰብ ሓገዝ ንክሓቱ ሓጊዙ እዩ።ንኣብነት ኣድላይ ዝኾኑ መድሃኒታት መግዝኢ ዝኸውን ገንዘብ ንምርካብ።

እቲ ንሳቶም ዝህብዎ ሓገዝ ብዘይ መሰነይታ ንዝመጽኡ ቆልዑት እውን መንበሪ ገዛ ንክረኽቡ ገይሩዎም እዩ።
FARR ዝበሃል ውድብ እውን ብዙሓት ስደተኛታትን ሳገምትን ሕግታት ሽወደን ኣብ ምርዳእ ሓጊዙ እዩ።

ናይ ቋንቋ ኣብያተ ቡን እውን ንብዙሓት ሰባት ቅድሚ መንበሪ ፍቓድ ምርካቦም ቋንቋ ሽወደን ንክመሃሩ ዕድል ከፊቱሎም እዩ። ካልኦት ምስ ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሰባት ብፍላይ ዝሰርሑ ውድባት ኣሎዉ።Hjärnkoll, Hörselskadades Riksförbund och ILI ዝበሃሉ ገለ ካብኣቶም እዮም።

DRW ከም ዝብሎ ብዙሓት ዝረኸቡዎም ሰባት ኣዝዩ ብዙሕ ሓገዝ ዘድልዮም እዮም።ናብ ኣኼባታት ኮነ ናብ ትምህርቲ ቋንቋ ባዕላቶም ንክመጹ ይጽገሙ።

ወለንታውያን ማሕበራት ንዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሳገምቲ ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም።

## ናይ ሕጊ ሰብ ሞያ

ኣብ ሽወደን ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ንዝተፈላለዩ ጉዳያት ዘድልዮ ናብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባታት ኰነ ናብ ብዓል መዝታት ንኸመልክት ናቱ ሓላፍነት እዩ።ግን ሕግታትን መምርሕታትን ንኽትርድኦም መብዛሕትኡ ግዜ ኣጸገምቲ እዮም። ሽዑ እቲ ሰብ ሓገዝ ናይ ሓደ ናይ ሕጊ ብዓል ሞያ የድልዮ።
ኣብ ሽወደን ሓደ ሰብ ዑቕባ ኽሓትት እንከሎ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ጠበቓ ወይ ናይ ሕጊ በዓል ሞያ ይምዘዘሉ እዩ። እቲ ሓታቲ ባዕሉ ዝኸፍሎ ኣይኮነን።

ግን ናይቲ ሰብ ስድራ-ቤት ናብ ሽወደን ክመጹ እንተኹይኖም ካልእ ነገር እዩ።ካብ ሓደ ናይ ሕጊ ብዓል ሞያ ሓገዝ ዘድልዮም እንተኹይኑ ባዕላቶም እቶም ሰባት እዮም ዝኸፍሉዎ።

ሓደ ሰብ ካብ ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንዝደልዮ ነገር ከመልከት እንተ ኹይኑ ሓገዝ ኣይግበረሉን። ባዕሉ እቲ ሰብ ክፈትሖ ኣሎዎ። ግን እንሓንሳብ ምኽርን ሓበሬታን ዝህብ ሰብ ኣብቲ ቤት-ጽሕፈት ይርከብ እዩ።

መብዛሕትኦም ሰባት ምስ ብዓል መዝታት ኣብ ዝራኸብሉ ግዜ ሓገዝ ናይ ሕጊ ሰብ ሞያ የድልዮም እዩ።መብዛሕትኡ ጊዜ ኣዝዩ ክቡር እዩ።እንሓንሳብ ማሕበራትን ውድባትን ንሕጊ ዝምልከቱ ደገፋት ይልግሱ እዮም።መብዛሕትኡ ጊዜ ግን ንኹሉ ክሕግዙ ኣይክእሉን።ንሳግምነት ብዛዕባ ዝምልከቱ ሕግታት ካብ ዝደጋገፉ ገለ ውድባት ንምጥቃስ:

- Amnesty International
- Svenska Röda Korset
- Asylrättsbyrån
- Stadsmissionen
- Caritas
- Individuell Människohjälp
- Flyktinggruppernas Riksråd FARR.

ንስንክልና ብዝምልከቱ ሕግታት ዝተሓጋገዙ ውድባት ገለ ካብኣቶም:

- Bosse–råd, stöd & kunskapscenter
- LaSSe Brukarstödcenter
- Barnrättsbyrån



# 3 ጸገማትን ምምሕያሻትን

DRW ምስ ብዙሓት ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሳገምቲ ተዘራሪቡ እዩ። ከምዘዘንትዉዎ ድማ ዘጸግሙ ነገራት ኣሎዉ ከምኡ እውን ዘየጸግሙ ነገራት ኣሎዉ። ኣብዚ ክፋል ናይዚ መጽሓፍ እዚ ብዛዕባ ጸገማትን ንኣፈታትሓኦም ዝምልከት ሓሳብን ክንዘራረብ ኢና።

## ብዙሓት ሕማቕ ይስምዖም

ምስጋም ዓብይ ለውጢ እዩ ብዙሕ ጸቕጢ ዝፈጥር ድማ እዩ።ጸቕጢ ናብ ስነ-ኣእምሮኣዊ ቀውሲ እውን ከምርሕ ይኽእል። ምስ ሰባት ምርኻብን ምስ ስድራኻ ምርኻብን ኣገዳሲ እዩ። ግን ንብዙሓት ሳገምቲ ኣብ ሽወደን ኣዝዩ ከቢድ እዩ።

ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሳገምቲ መብዛሕትኡ ጊዜ ብዝያዳ ይጽምዎም። ምስ ሰባት ከራኽቡዎም ዝኽእሉሉ ቦታት ንምርካብ ይሽገሩ። ትምህርቲ ቋንቋ ሽወደን ንዓታቶም ዝሰማማዐ ኣይኮኑን። ብዊልቸይር ዝንቀሳቐስ እንተኾይኑ ካብ ገዝኡ እውን ክወጽእ ኣይክእልን።

ሽወደን ንዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሰባት ዝሕግዙ ብዙሓት ሕግታት ኣለዉዋ።

ግን እዞም ሕግታት እዚኣቶም መንበሪ ፍቓድ ንዘይብሉ ኣይምልከቶን።

እቶም ጸገማት ኣብቲ መጀመርያ ጊዜ ቀጻሊ እዩ።እቲ ደገፍ ነቶም ኣብ ሽወደን ሓደሽቲ ምጻኣት ዝኾኑ ዝሰማማዕ ኣይኰነን።
እዚ ድማ ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ኣብ ሽወደን ከቢድ ናብራ ከሕልፉ ይገብሮም። ዝሓሸ ፖሊቲካን ሕግታትን ነዚ ክቕይሮ ይኽእል።

## ዛንታታት

DRW ካብ መጀመርያ ናብ ሽወደን ዝመጹሉ ጊዜ ኣትሒዙ ጸገማት ዘጓንፎም ሰባት ይረክብ እዩ። ብመጀመርያ ኣብ ሽወደን ክጸንሑ ምኽኖምን ጸኒሖም ድማ ደገፍን ሓገዝን ንምርካብ ክቃለሱን ርጉጽ ኣይኮነን። ንብዙሓት እዚ ኾነታት እዚ ተስፋ ምቕራጽ ይስምዖም።

እቲ እትነብረሉ ገዛ ዘይሰማማዓካ እንተኾይኑ ኣካላትካ ይህሰ። ንመዓልታዊ ናብራኻ ምእላይ ቃልሲ ክኸውን ይኽእል።ናብ ትምህርቲ ቋንቋ ሽውደን ምምልላስ ከቢድ ይኸውን።ኣስፐዛ ገርካ ፈስታላት ተሰኪምካ ንገዝኻ ምኻድ የጸግም።

ብዙሓት ኣብቲ ገዛ ምንባር ከይክልኡን ወይ ከይሕደጉን ይፈርሑ። ጽቡቕ ኣይድቅሱን ሕማቕ ከኣ ይስመዖም።

ኵሉ እዚ ተኣኪቡ ናብ ጸቕጥን ናብ ዝኸፍአ ጥዕናዊ ኵነትን የምርሕ። ከምኡ ምስ ዝኸውን ኣብ ሽወደን ሕይወት መስሪትካ ኣካል ሕብረተ-ሰብ ንምዃን የጸግም።

ብዛዕባ ኵነታት ሰባት ኣብ ሽወደን ዝገልጹ ገለ ዛንታት ከምዞም ዝስዕቡ እዮም። እዞም ዛንታት እዚኣቶም DRW ካብ ዝረኸቦም ሰባት ዝተረኽቡ እዮም።

**ናይ ግሊ ተሓጋጋዚ ክረክብ ኣይከኣለን**

ሓደ ሰብኣይ ኣብ ሕቘኡ ከቢድ ማህሰይቲ ኣሎዎ። ኵሉ ጊዜ ይቕንዞ ከንቀሳቐስ እውን ኣይክእልን።

እዚ ሰብኣይ እዚ ቀዋሚ ናይ መንበሪ ፍቓድ ኣሎዎ ግን እቲ ዝድለ ሓገዝ ኣይረኸበን። ናይ ግሊ ተሓጋጋዝን ካብ ገዛኡ ንኸወጽእ ድማ ናጻ ኣገልግሎት መጓዓዝያን የድልዮ። ብዓል መዝታት ድማ እዚ ሓገዛት እዚ ክትረክብ መሰል የብልካን ይብልዎ።

ብዘይ ሓገዝ እዚ ሰብኣይ እዚ ንደቁ ንፋዕ ወላዲ ክኾኖም ኣይክእልን። ኣብ ርእሱኡ ድማ ሓደ ኣካል ናይዚ ሓድሽ ሕብረተ-ሰብ ንምዃን እውን ከቢድ ይኸውን።

**ደቃ ክትረክብ ኣይተፈቕደላን**

ሓንቲ ሰበይቲ ናብ ሽወደን ከም ስደተኛ እያ መጺኣ። ክልተኦም ደቃ ናብኣ ክመጹ ትደሊ። ንሳቶም ድማ ደቂ ሸውዓተን ትሽዓተን ዓመት እዮም።

ብዓል መዚ ኢሚግረሽን ንሕቶኣ ይነጽጎ። እዛ ሰበይቲ ስራሕ የብላን ዝኣክል ስፍሓት ዘለዎ ገዛ እውን የብላን። እዛ ሰበይቲ ዘይንቡር ስንክልና ኣሎዋ። ንኽትመሃር ኮነ ንኽትሰርሕ ዘኽእላ ሓገዛት ኣይረኸበትን።

ኣብ ሽወደን ሓደሽቲ ምጵኣት ዝኾኑንን ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎምን ስራሕ ንክረኽቡ ከቢድ እዩ። እዛ ሰበይቲ እዚእ ክልተኡ እዩ ዘለዋ።እቶም ሓደሽቲ ምጻኣት ኣብ ሽወደን ክሰርሕዎም ዝኽእሉ ዓይነት ስራሓት ንጉልበት ዝኸብዱ እዮም። እዛ ሰበይቲ ከምኡ ንዝበለ ስራሕ ኣይትኽእሎን እያ።

ኣዞም ስድራ-ቤት እዚኦም ንሓሙሽተ ዓመታት ኣይተራኸቡን።መኣስ መሊሶም ከምዝራኸቡ እውን ኣይፈልጡን።ኩሎም ድማ ሕማቕ ኣሎዉ።

ምስ ስድራ-ቤትካ ምጥርናፍ ሰብኣዊ መሰል እዩ። ሽወደን ነዛ ሰበይትን ንደቃን እዚ መሰልዚ ነፊጋቶም።ምስ ደቃ ንምርኻብ ዘለዋ ተኽእሎ ካብ ናይ ካልኦት ሰባት ኣዝዩ ዝጸበበ እዩ።

ንኹነታታ ምንም ክትገብሮ ኣይከኣለትን ስለምንታይሲ ኣድልዎ ዘለዎም ሕግታት ስለ ዝኾኑ።ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሳገምቲ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ክህልዎም ዝኽእል ተኽእሎታት የኽፍኦ እዩ።

**ቋንቋ ሽወደን ክመሃር ኣይከኣለን**

ሓደ ዑረት ዘለዎ ሰብኣይ ቋንቋ ሽወደን ክመሃር ይደሊ። ክመሃር ንክኽእል ተወሳኺ ሓገዝ ኣይረኸበን።እዚ ሰብኣይ እዚ እምበኣር ኣብ ሽወደን ምስ ካልኦት ንምዝራብ ሓገዝ ናይ ካልኦት ሰባት የድልዮ። መብዛሕትኡ ድማ ክድግፎ ዝኽእል ሰብ የልቦን።

እዚ ሰብኣይ ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ገዝኡ ኮፍ ይብል ጽምዋ ድማ ይስምዖ።ቅዛነት ይስምዖ ጽቡቕ ድማ ኣይድቅስን ዘይረብሕ ሰብ ኮይኑ ድማ ይስምዖ።እቶም ኣብ SFI ዝወሃቡ ትምህርትታት ቋንቋ ሽወደን ዘይንቡር ስንክልና ንዘለዎም ሰባት ዝሰማምዑ ኣይኮኑን።

ንዓኣቶም ዝሰማምዑ መጻሕፍቲ የለዉን።ናብ ትምህርቶም ክኸዱ ኮነ ወይ ኣብ ትምህርቶም ተወሳኺ ሓገዝ ኣይረኸቡን። ብዓል መዝታት ብዛዕባ ዘይንቡር ስንክልናን ሕቶታት መግዳዕትን ብዙሕ ክመሃሩ ኣሎዎም።

**ንኽግዕዙ ተገዲዶም**

ሓንቲ ሰበይቲ ምስ ክልተ ደቃ እተን ናይ መጀመርያ ክልተ ዓመታት ኣብ ስቶክሆልም ክነብሩ ምኺኖም ይሕበሩ። እታ ሰበይቲ ናይ ፖሊዮ መግዳዕቲ ኣሎዋ። ብሃንደበት ድማ እዛ ስድራ-ቤት ናብ ቨስተርኖርላንድ ክትግዕዙ ኢኹም ተባህለት።እተን ዝተባህላ ክልተ ዓመታት ከይተወድኣ እንከለዋ።እዚ ሓድሽ መንበሪ ገዛ ነታ ሰበይቲ ዝሰማማዕ ኣይኮነን።ንተረካብነት ዘጸግም እዩ ነይሩ።ካብ ዱኳናት፣ኣብያተ ትምህርቲ፣ሓኪምን ካልኦት ኣገልግሎታትን እውን ዝረሓቐ እዩ ነይሩ።

እታ ሰበይቲ ምስ ደቃ በይኖም ኰይኖም።ትምህርቲ ቋንቋ ሽወደን ክሳተፉ ኣይከኣሉን።እታ ሰበይቲ እቲ መግዳዕታ ዝያዳ ጸገም ፈጠረላ።

ኣብ ሽወደን ሓደሽቲ ምጽኣት ብዙሕ ጊዜ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክግዕዙ ልሙድ እዩ።ኣብ ኣውቶቡስን መኪናን ዘይብሉ ርሑቕ ቦታታት ናይዛ ሃገር ከም ዝሰፍሩ ይግበር።

ምስ ሰባት ክላለዩ ኣጸጋሚ ይኸውን።ስራሕ ንምርካብ ኮነ ቋንቋ ሽወደን ንምምሃር ከቢድ ይኸውን።

## ዕንቅፋታት ሓድሕዳዊ ምውህሃድ

ሽወደን ሓንቲ ተቐባሊት ኢጋይሽን፡ማዕርነትን ደሞክራሲን ዝሰፈና እያ ዝብል ስእሊ ኣሎ። ግን እቶም ዘይተስተኻኸሉ ነገራት ድማ ብድፍረት ምርኣዮም ኣገዳሲ እዩ።ነዚኣቶም ከነለልዮም እንተኽኢልና ሕብረተ-ሰብ ዝሓሸ ከምዝኸውን ንገብር።

ሓደሽቲ ምጻኣት ኣብ ሽወደን መብዛሕትኡ ግዜ፡ ካብቶም ነዊሕ ዝጸንሑ ሰባት ዝኸፍአ ኵነታት እዩ ዘለዎም። እቶም ጠለባት ከበድቲ እዮም።ብፍላይ ድማ ሓደ ምስ ስድራኡ ክነብር ንዝደሊ።

ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሳገምቲ ብዝያዳ ዝሽገሩ እዮም። እቲ ንሳገምቲ ዝግበር ደገፍ ኣይሰማምዖምን።

እዚ ድማ መብዛሕትኡ ጊዜ ጽምዋን ተነጽሎን የስዕብ።ናብ ውህደትን ናብ ሓደ ኣካል ናይ ሕብረተ-ሰብ ንምዃን ኣየምርሕን። ኣብዚ ታሕቲ ነዚ ጉጅለ እዚ ብዛዕባ ዘጋጥምዎ ሽግራት ክንዛረብ ኢና።

**ሕማቕ ኣቀራርባ/ኣረኣእያ :**

ብሰራሕተኛታት ብዓል መዚ ኢሚግረሽን ሕማቕ ኣቀራርባ/ኣቀባብላ ዘጓነፎም ብዙሓት ሰባት ይዛረቡ።

ንኣብነት ሓገዝ ኣብ ዝደልዩሉ ግዜ እቶም ሰራሕተኛታት ከምዘይኣምንዎም ዝዛረቡ ኣሎዉ።

*– እዚ ኩሉ ተጓዒዝካ ናብ ሽወደን ካብ መጺእካ ናብ ሆስፒታል ክትከይድ እውን ትኽእል ኢኻ !*

**ጉድለት ሓበሬታ:**

ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሳገምቲ ኣየኖት መሰላት ከም ዘለዉዎም ሓበሬታ ኣይረኸቡን። ሓበሬታ ተረካቢ ኣይኮነን።

እዚ ዋላ ድሕሪ መንበሪ ፍቓድ ምርካቦም እውን ዝቕጽል ተርእዮ እዩ።ከምቲ ኩሉ ዝረኸቦ ሕክምና ኣይረኽቡን። እቲ ሓበሬታታት ንምርድኡ ዘጸግም እዩ ደገፍን ኣገልግሎትን ንምርካብ ብከመይ ከም ዘመልከቱ እውን ኣይፈልጡን።

**ዕጹዋት ቦታታት:**

ብዙሓት ቦታታት ንዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሳገምቲ ዕጹዋት እዮም። በቲ ሓደ ሸነኽ ብቋንቋ ምኽንያት።በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ እቶም ቦታታት ክእተዉ ዘይክኣሉ ብምዃኖም።

**መልሲ ምጽባይ:**

ኩሎም ኣብ ሽወደን ዑቕባ ዝሓቱ ፍትሓዊ ዝኾነ ምጽራይ ጉዳያቶም ክረኽቡ ኣሎዎም።ፍትሓዊ ምጽራይ ጉዳያት ኣይተገብረለይን ኢሎም ዝኣምኑ ሰባት ብዙሕ ሕማቕ ይስመዖም።

መልሲ ክረኽቡ ኣብ ዝጸንሑሉ ግዜ ዝገብሩዎ ነገራት እንተዝህልዎም ጽቡቕ ነይሩ።ኣብ ሽወደን ብዛዕባ ሕግታታትን መምርሕታትን፡ እንታይ ክሕገዙ ከምዝኽእሉን፡ ጽቡቕ ሓበሬታ ክረኽቡ የድልዮም።

እዚ ግዜ እዚ ጽቡቕ ምስ ዝኸውን ኣብ መጻኢ እውን መንበሪ ፍቓዶም ምስ ረኸቡ ናብራ ክምስርቱ ቀሊል ይኸውን።

**ሕማቓት መስርሓት**

እቶም ነዚ መስርሕ ምቕባል ስደተኛታት ዝነደፉ፡ ንሕቶታት ስንክልናን ነቲ መርኣያ እትን ኣብ ግምት ዘእተዉ ኣይኮኑን። ንኣብነት ትምህርቲ ቋንቋ ሽወደንን ናይ ብዓል መዚ ስራሕ ናይ መትከል እግሪ ፕሮግራማትን ክጥቀሱ ይከኣል። ንዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ተሓሲቦም ዝተገብሩ ኣይኮኑን።

**ካብ ጐነጽ ምክልኻል**

ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሰባት ካልእ ዓይነት ምክልኻል የድልዮም እዩ። ግዳይ ኣድልዎን ጐነጽን ንክኾኑ ዓብይ ተኽእሎ ስለ ዘሎ።

ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ብፍላይ ድማ ደቂኣንስትዮ፣ ኣረገውቲ፣ቆልዑትን ፍሉይ ጾታዊ ዝንባሌ HBTQ- ዘለዎም ሰባትን ግዳያት ንክኾኑ ዓብይ ተኽእሎ ኣሎ። እዞም ጉጅለታት እዚኣቶም ዝከላኸለሎምን እቲ ዘድልዮም ደገፍ ክረኽቡን ኣገዳሲ እዩ።

**ውህደትን ጠለባቱን**

ውህደት ማለት ሓደ ኣካል ሕብረተ ሰብ ምዃን ማለት እዩ።ኣብታ ሓዳስ ሃገር ስራሕ፣መንበሪ ገዛን ፈተውትን ምርካብ ማለት እዩ። ብኣንጻሩ ድማ ተነጽሎ ኣሎ።ኣብዚ ግዜ እዚ ኣብ ሸወደን ብዙሕ ተነጽሎ ኣሎ።

እዚ ድማ መበጊሲኡ ንገዛውትን ኣባይትን ዝምልከቱ ሕግታት እዮም። መንበሪ ገዛውቲ ኣዝዮም ክቡራት እዮም። ክትካረዮም ኰነ ክትገዝኣም።

ብዙሓት ቆልዑት ኣብ ሸወደን ድኻታት እዮም። ብፍለይ ድማ ወጻእተኛታት ወለዲ ዘለዉዎም።ፖሊቲካውያን ብዛዕባ ድኽነትን፡ናይ ዘደንዝዙ/ዕጸፋርስ ጸገማትን ገበናትን ዘለዎም ኣካባቢታት ይዛረቡ።መብዛሕትኡ ድማ እዞም ጸገማት እዚኣቶም ምስ ምስጋም ወጻእተኛታት የተሓሕዝዎም።

ንሓደ ውሱን ጉጅለ ክትስልበጦ ዓሌትነት እዩ።ንሓደ ጉጅለ ኣንጻር ካልእ ጉጅለ ከምዝተፋነን ምግባር እዩ። ሓደገኛ ከኣ እዩ። መብዛሕትኡ ጊዜ ኣብ ፖሊቲካ ከም እንሰምዖ፡

*"ወጻእተኛታት ብዛዕባ ፍትሓውነትን ደሞክራሰን ኣብ ሸወደን ክመሃሩን ክከብሩን ኣሎዎም"*እዩ።

ጠለባት ምቕማጥ ጽቡቕ ክኸውን ይኽእል እዩ።ሰባት ቀልጢፎም ኣካል ናይ ሕብረተ-ሰብ ንክኾኑን ቋንቋ ንክመሃሩን ስለ  ዝገብር። ግን እቶም ጠለባት ክትግበሩ ዝኽእሉ ምዃን ኣሎዎም። ምስቲ መነባብሮ ሰባት ዘርኢ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ዝሰማማዕ ክኸውን ኣሎዎ።

## ኣገዳሲ ክሕሰበሉ ዘሎዎ

ብዓል መዚታት ኣብ ልዕሊ ተራ ሰባት ስልጣን ኣሎዎም። ብፍላይ ድማ ኣብ ልዕሊ እቶም ሓገዝ ዘድልዮም ሰባት። ክሕሰበሉ ኣገዳሲ እዩ።ብዓል መዚታት ንዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሰባት ብከመይ ክቐርብዎም ከምዘለዎም ክሓስቡሉ ኣለዎም።

### ባህላውያን ፍልልያት

ዝተፈላለዩ ባህልታት ዘለዎም ሰባት ንዘይንቡር ስንክልና ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ይርእዩዎ። ኣብ ሸወደን ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሰባት እንታይ ዓይነት ደገፍን ሓገዝን ክረኽቡ ከም ዘለዎም ኣብ ሕጊ ሰፊሩ ይርከብ።ነቶም ኣብዚ ሕብረተ-ሰብ ዘለዉ ንኹሉ ዘየሳትፉ ዕንቅፋታት ክንኣልዮም ኣሎና።

ግን ዘሕዝን እዩ ክሳብ ሕጂ ንዘይንቡር ስንክልና ከም ሕማቕ ነገር ገይሮም ዝርእዩዎ ኣሎዉ።ምስ ሕማማትን ሓደጋታትን ከም ዝዛመድ ነገር።ኩሉ ናይ በባዕሉ ባህሊ ብምፍታሽ እንታይ ከም እንሓስብ ከምዝገብረና ምርኣይ።

**ሕፍረት ኣብ ኩሎም ባህላትታት ኣሎ**

ኣብ ሸወደን እቶም ዝተፈላለዩ ቋንቋታትን፡ ግድዓትን ዘይግድዓትን፡ ብማዕረ ክረኣዩ እንተኾይኖም ዓበይቲ ለውጥታት ምግባር የድሊ።

**ልምድታት ምቕያር የድልየና**

ነዚ ንምትግባር እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ምስ ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም እሞ ሳገምቲ ዝኾኑ ሰባት ብምትሕብባር እዩ። ንሳቶም ክኢላታት እዮም።

## ነገራት ጽቡቕ ክሰርሕ እንከሎ

ዛንታ ናይ ሓደ ገለ ዓመታት ይገብር ከም ስደተኛ ኰይኑ ናብ ሸወደን ዝመጸ ሰብ እነሆ።

*-ብዙሕ ዓመታት ይገብር ሓንቲ እግረይ ስኢነ ብክልተ ምርኩስ ድማ ይኸይድ ነይረ።ነታ ካልኣይቲ እግረይ ብዙሕ ኣጸጋሚ ነይሩ።*

ኣብዚ ሸወደን ግን ነብሰይ ክኢለ ህይወተይ ንክመርሕ ነዊሕ ሰጕመ ኣሎኹ።

እቲ ዓቢ ምኽንያት ድማ ሰብ-ሰርሖ እግሪ ስለ ዝተገብረለይ ድሓን ክኸይድ ስል ዝኸኣልኩ እዩ። ሕጂ ሓንቲ ምርኩስ ጥራይ ስለ ዝጥቀም እታ ሓንቲ ኢደይ ናጻ ኮይና።

ሕጂ ብቐሊሉ ክመሃርን፣ናይ ስራሕ ልምምድ ክገብርን ክሰርሕን ይኽእል።ኣብ ዝቐረበ ግዜ ድማ ናይ ብሓቂ ስራሕ ክረክብ ተስፋ ኣሎኒ። ኣዚ ንክኸውን ዝገበሩ ሕክምናን ናይ ሸለፍተዮ ምምሕዳር ንኡስ ዞባን ብምትሕብባሮም ብዙሕ ይሕጐስ።

DRW እውን ምስ ምምሕዳር ንኡሳን ዞባታትን ብዓል መዝታትን ብምዝራብ ሓያለይ ጸገማት ክፈትሕ ክኢሉ እዩ። ዝያዳ ኣፍልጦን ሓድሽ ኣረኣእ ያን ክንህብ ክንክእል ድማ ተስፋ ኣሎና።

*– ናይ ናጻ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ንምርካብ ኣመልኪተ ተነፊጉኒ።*

ምስ ኣብ DRW ዘለዉ ወለንተኛታት ብምዃን ከም ብሓድሽ ብጽሑፍ ኣመልኪትና። ናብ ስራሕ ንምምልላስ ኣድላይነት መጓዓዝያ ዘተኰረ እዩ ነይሩ። ሽዓኡ ናጻ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ረኺበ።

## እማመ ንምትሕብባር

ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ኣብ መንጎ ብዓል መዝታትን ካልኦትን ሓቢርካ ምስራሕ ከም ዘድሊ ደጋጊምና ጽሒፍና ኣሎና። ብዛዕባ ሳገምትን ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎምን ብዝምልከት ብዙሕ ፍልጠትን ተመክሮን ንዘለዎም ውድባት ምስማዕ ኣገዳሲ እዩ።

ምስ ምንቅስቓስ መሰል ዑቕባን asylrättsrörelsen ውድባት መሰል ግዱዓትን funktionsrättsorganisationer ሓቢርካ ምስራሕ ኣገዳሲ እዩ።ንኹሉ መስርሓትን ኣረኣያታትን ክትቆጻጸሮ ከቢድ ክኸውን ይኽእል።ግን ጽቡቕ ምትሕብባር እንተድኣ ሃልዩ እቲ ፍልጠት ናብ ብዙሓት ክዝርጋሕ ይኽእል።

ሓደ ኣማራጺ ሓሳብ ኣብ ኢንተርነት ሓደ መድረኽ ምኽፋት እዩ። ኣብ ብዙሓት ኣርእስትታት ብምእካብ ንሓድሕድና ክንዛረበሉ ንኽእል።እዚ መድረኽ እዚ ንብዓል መዝታት ምስ ሕቶ ስንክልና ዝሰርሑ ውድባትን ፖሊቲካን ክራኸቡ የኽእሎም።

ናብ ሽወደን ሓድሽ ኮይኑ ንዝመጽእ ሰብ ዝኸውን መደብ ኣብ ምውጻእ እዚ ምትሕብባር እዚ ኣገዳሲ እዩ።

## ናትና እማመ

ኣብዚ DRW ነዚ መጽሓፍ እዚ ኣብ ዘዳለወሉ ጊዜ ዝረኸቦም ጸብጻብ እማመታት ከምዚ ዝስዕብ እዩ።

እዞም እማመታት እዚኣቶም ንዘይንቡር ስንክልና ሃልዩዎም ዝሳገሙ ሰባት ዝሓሸ ዕድል ክፈጥሩሎም የኽእሉ እዮም ኢልና ንኣምን።

### እቶም እማመታት:

- እቶም ንስድራ-ቤታዊ ምጥርናፍ ዝምልከቱ ሕግታት፡ ንዘይንቡር ስንክልና ኣብ ዘለዎም ሰባት ፍልይ ዝበሉ ምኳን ኣሎዎም።ሕብረተ-ሰብ ንዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሰባት ከምዝሰማማዕ ኣይተገብረን።ብኣኡ ምኽንያት ድማ ስራሕን መንበሪ ገዛን ንምርካብ ይጽገሙ።ሕግታት ነዞም ጸገማት እዚኣቶም ኣብ ግምት ዘእተወ ምኳን ኣሎዎም።

- ንዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሕይወቶም ንከማዓራዩ ካብ ክልተ ዓመት ንላዕሊ ግዜ ክወሃቦም ኣሎዎ። ንንውሕ ዝበለ ግዜ ድማ ንክመሃሩን መንበሪ ገዛን ስራሕን ክረኽቡ ሓገዝ ክረኽቡ ኣሎዎም።

☼ ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ናብ ሽወደን ዝሳገሙ መጻምድቲ እውን ሓገዝ የድልዮም እዩ።ኣብ ፕሮግራም መትከል እግሪ እውን ክሳተፉ ኣሎዎም።

☼ ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሓተትቲ ዑቕባ  ንዓታቶም ዝሰማምዑ መንበሪ ኣባይትን መጓዓዝያን ክረኽቡ ኣሎዎም።

☼ ንስደተኛታት ዝግበረሎም ናይ ጥዕና መርመራ ካብ መንጽር መግዳዕቲ እውን ክረአ ኣሎዎ። ከምኡ እንተድኣ ተገይሩ መን እንታይ ዓይነት ሓገዝ የድልዮ ብኣጋ ክፍለጥ ይከኣል።

☼ ሰባት እንታይ ከምዘድልዮም ክነግሩ ክሕደጉ ኣሎዎም።እቲ ዘድልዮም ነገራት ምስ ዕድመ ክለዋወጥ ይኽእል።

☼ ቆልዑት እውን ሓሳቦም ክገልጹ መሰል ይሃልዎም። ቆልዑት ንሳቶም ክርድኣዎ ብዝኽእሉ መልክዑ ሓበሬታ ክወሃቦም ኣሎዎ።ረብሓ ናይቲ ቆልዓ ትኹረት ክረክብ ኣሎዎ።

☼ ትምህርቲ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛታት (SFI) ንኹሉ ከምዘገልግል ክኸውን ኣሎዎ።እቲ ክፍልታትን መጻሕፍትን ካልኦት መጋበርያታትን ተረከብቲ ክኾኑ ኣሎዎም።

☼ ሰራሕተኛታት ናይ ሽወደን ብዓል መዝታት ክመሃሩ ኣሎዎም።ዋላ ሓደ ብዘይ ፍትሓዊ ኣገባብ ክተሓዝ የብሉን።ዋላ ሓደ ሕማቕ ቃላትን ኣበሃህላታትን ክጥቀም የብሉን።

☼ ሰብ ብከምቲ ንዓኡ ዝሰማማዐ ኣገባብ ክዛረብ ክሕደግ ኣሎዎ። ምናልባት እቲ ሰብ ኣስተርጓሚ፣ብናይ ጽሙማን ምልክት፣ደጋፊ ምልክት፣ናይ ዕዉራን ፊደላት ወይ ድማ ካልእ ዘድልዮ ይኸውን።

☼ ብዓል መዚ ኢሚግረሽን ምስ ሓደ ንዘይንቡር ስንክልና ዘለዎ ሰብ ዝቕበል ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ጽቡቕ ርክብ ክህልዎ ይግባእ።እቲ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ድማ ዝበቅዕ መንበሪ ገዛን ካልኦት ሓገዛትን ኣገልግሎታትን ከዳሉ ምእንቲ ክኽእል ብቑዕ ሓበሬታ ክወሃቦ ኣሎዎ።

☼ እቲ መንበሪ ገዛ ፍንትት ዝበለ ክኸውን የብሉን።ምስ ካልኦት ሰባት ንምርኻብን ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ሽወደን ድማ ክትሳተፍ ዘኽእልን ክኸውን ኣሎዎ።

☼ ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሳገምቲ፣ሕብረተ-ሰብ ሽወደን ከመይ ይሰርሕን ንሳቶምከ እንታይ ክኾኑ እዮም ብዝቕልጠፈ ጊዜ ክሕበሩ ኣሎዎም።

☼ ብዓል መዝታት ሰባት ብዝርድኦም ኣገባብ ሓበሬታ ክህቡ ኣሎዎም።ዝተተርጎሙ ጽሑፋትን በብዓይነቶም ኣስተርጐምትን ክህልዉ ኣሎዎም።

☼ እቶም ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሳገምቲ ዘድልይዎም ነገራት ንኽማላኣሎም ዝኣክል ገንዘብ ክውዛዕ ኣሎዎ።

## ሓደ ኣገዳሲ መጽሓፍ

ላዕለዋይ ውድብ ስደተኛታት UNHCR ሓደ ኣካል ናይ ሕቡራት መንግስታት ዓለም FN እዩ።ንዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ስደተኛታት ዝቕበላ ሃገራት ንኽጥቀማሉ ሓበሬታ ዝሓዘ መጽሓፍ ኣዳልዩ እዩ።

ኣብ ጽሑፎም ከምዝብልዎ፣ብዛዕባ እዚ ጉጅለ እዚ ዘይምሕሳብ ንክህሉ ዓብይ ተኽእሎ ኣሎ። መብዛሕትኡ ጊዜ ብዘይ ደገፍን ኣገልግሎትን ይሕደጉ።ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ስደተኛታት ማዕረ እቶም ካልኦት ስደተኛታት ክስርዑ ኣለዎም።ብኣድልዎ ክተሓዙ/ክረኣዩ የብሎምን።

ኣብዚ መፅሓፍ እዚ ሃገራት ኣየኖት ስደተኛታት እዮም እንታይ ዓይነት ዝያዳ ሓገዝ ዘድልዮም ንክርድኡ ዘኽእሎም ምኽሪ ኣሎ። ነዚ ጉጅለ እዚ ድማ ንዓኡ ብዝምችእ ኣገባብ ብከመይ ተስተናግዶ እውን ይሕብር።

እዚ መጽሓፍ ኣብ ኢንተርነት ኣሎ: http://swigea56.hcrnet.ch/refworld/docid/5163f43e4.html

# 4 መጠቓለሊ/መደምደምታ

ንዅነታት ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሳገምቲ ንምርዳእ ሰንጣቒታዊ ኣተሓሳስባ ብምህላው እዩ። ምስጋምን መግዳዕትን ማዕረ ማዕረ ብኸመይ ከም ዝጸልዎም ምርዳእ ማለት እዩ።

ከም ዅሎም ሰባት ማዕረ ዝኾነ ህይወትን ተኽእሎን ክህልዎም ኣሎዎ። ብኣድልዎ ክረኣዩ የብሎምን።

ኣብዚ፡ ሽወደን ምስ ካልኦት ሃገራት ክትወዳደር እንከላ ብዙሕ ንቕድሚት ሰጕማ እያ። ግን ብዙሕ ክግበር ዘለዎ ዝተረፈ እውን ኣሎ።ሕብረተ-ሰብ ኣብዚ ጉጅለ እዚ ብዙሕ ክሰርሕ ኣሎዎ።

ንዓኣቶምን ነቶም ምስኦም ዝሰርሑ ውድባትን ምስማዕ ኣገዳሲ እዩ። ፖሊቲካውያን ብዛዕባ ሳገምቲ ክሓስቡ እንከለዉ ብዛዕባ ግድዓት ዘለዎም እውን ብዝያዳ ክሓስቡ ኣሎዎም።እቲ ኣገዳሲ ክኸውን/ክረአ ዘለዎ ድማ ሰብኣዊ መሰላት እዩ።

ቅድሚ ገንዘብ ምኽሳብን ምቍጣብን ክስራዕ ዘለዎ እዩ ክኸውን ዘለዎ።

እዚ ንምትግባር ሽወደን ኣብ ሓያለይ ዓለም-ለኻውያን ውዑላት ቃል ኣትያ እያ። እዚ ድማ ኣብ ፖሊቲካን ብዓል መዝታትን ኣብ ልዕሊ ሓደ ሰብ ዘሕልፍዎ ውሳኔን ዘካትት እዩ።

**ሕብረተ-ሰብ ብዝያዳ ናብ ሽወደን ንዝሳገሙ ዘይንቡር ስንክልና ዘለዎም ሰባት ክሰምዕ ይግብኦ። እዚ ድማ ናብ ሓድሕዳዊ ውህደት ዘምርሕ ኣንኮ መገዲ እዩ።**

## መወከሲ ሊስታ Referenslinsta


- Riksrevisionens rapport om uppföljning av deltagare i förberedande och orienterande utbildning inom etableringsuppdraget. Skr.2018/19:13
- https://www.regeringen.se/regeringens-politik/nyanlandas-etablering/
- Health Literacy - teori och praktik i hälsofrämjande arbete: av Karin C. Ringsberg, s. 29.
- https://www.ohchr.org/en/hrbodies/crpd/pages/crpdindex.aspx
- http://docstore.ohchr.org/SelfServices/FilesHandler.ashx
- https://spraktidningen.se/blogg/veckans- nyord-nyanland
- KOMHIT flyktingmaterialet, har samtalskartor med kompletterande bildstöd för olika situationer, dessa är översatta till 10-11 språk.
- 1 § i lagen samt lagens utformning som inte ger rättigheter
- https://www.regeringen.se/4acfa2/contentassets20b5b-3b157714783a90bf56f5361a74e/181901300webb.pdf s. 4
- https://disabledrefugeeswelcome.se/en/2019/03/english-DRW:s- observations-on-the-situation-of- disabled-asylum-seekers-in-sweden/
- https://www.regeringen.se/artiklar/2017/11/fragor-och-svar-om-inforandet-av-det-nya-regelverket-for-etableringsinatser-for-vissa-nyanlanda-invandrare/
- https://www.unhcr.org/protection/resettlement/51de6e7a9/refugees-disabilities-unhcr-resettlement-assessment-tool.html
- http://dok.slso.sll.se/TC/3_Vara_kunskapsomraden/TP/Kulturformuleringen/Kulturformuleringen_09.pdf
- SOU 2019:23 Styrkraft i funktionshinderspolitiken
- https://www.dagenssamhalle.se/debatt/segregationen-och-klyftorna-borde- oroa-langt-fler-17594
- Barnfattigdom i Sverige: Årsrapport 2018: https://resourcecentre.savethechildren.net/node/14233/pdf/rb_rapport_2018_final.pdf
- http://www.antirasistiskaakademin.se/kulturrasism/

- http://www.mfd.se/globalassets/dokument/publikationer/rapporter/2017/2017-20-funktionsnedsattning-asyl-etableringsprocessen.pdf
- http://www.manskligarattigheter.se/Media/Get/526/ladda-ner-dokument- pdf
- Health Literacy - teori och praktik i hälsofrämjande arbete: av Karin C. Ringsberg.
- WHO, 2005: styrdokument för den globala hälsofrämjande konferenser i Bangkok Charter, s.1.
- Hälsans bestämningsfaktorer (Whitehead and Dahlgren,1991)
- Nyanländas hälsa – sammanställning utifrån ett urval av rapporter2016
- SIOS- Identifiering av funktionsnedsättning/trauma, s.12
- http://fhie.se/
- http://swigea56.hcrnet.ch/refworld/docid/5163f43e4


## ናይ መጨረሻ ነጥብታት Slutnoter

1 https://www.ohchr.org/en/hrbodies/crpd/pages/crpdindex.aspx 2 Health Literacy - teori och praktik i hälsofrämjande arbete: av Karin C. Ringsberg, s.28.

3 Health Literacy - teori och praktik i hälsofrämjande arbete: av Karin C. Ringsberg.

4 Sammanställning hälsoläget bland nyanlända, s. 7.

5 Riksrevisionens rapport om jämställdhetsintegrering av integrationspolitiken skr. 20181997, s. 5

6 Situationen på arbetsmarknaden för personer med funktionsned- sättning 2017, s. 8

7 https://www.ohchr.org/EN/HRBodies/CRPD/Pages/Conven- tionRightsPersonsWithDisabilities.aspx

Integration för alla är en lättläst version på svenska av DRW:s informationshandbok ”Vägar mot ömsesidig integration”. Handboken ger stöd till alla som i sitt yrke möter migranter med normbrytande funktionalitet att arbeta utifrån ett funktionshindersperspektiv.

Boken ger också råd och verktyg om hur en kan arbeta för ett tillgängligt mottagande, etablering och en ömsesidig integration av målgruppen.

Denna handbok har sin utgångspunkt i alla människors lika värdighet och rättigheter oavsett funktionalitet, kön, könsidentitet, sexuell läggning, etnicitet, ålder, ekonomisk status, migrationsstatus eller religion.

Independent Living Institute
independentliving.org

MED STÖD FRÅN
ALLMÄNNA ARVSFONDEN